# ወጋሕታ

ኢንድ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 29 22 ጉንበት 2016 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00




# “ብዝሰኸነን ዝተረጋገፀን መንፈስ ብምምኽኻር ናብ ምርድዳእ ምብፃሕ ኣማራፂ ዘይብሉ ሃገራዊ መፍትሒ ‘ዩ”

- ዋና ኮሚሽነር ፕሮፌሰር መስፍን ኣርዓያ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ:- ብዝሰኸነን ዝተረጋግአን ኩነታት ብምምኽኻር ናብ ምርድዳእ ምብፃሕ ዝኾነ ኣማራፂ ዘይብሉ ሃገራዊ መፍትሒ ‘ዩ ክብሉ ዋና ኮሚሽነር ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ፕሮፌሰር መስፍን ኣርዓያ ተዛሪቦም። ምኽፋት መድረኽ ሳልሳይ ምዕራፍ ኽይዲ ምፍላይ ኣጀንዳታት ምኽክር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ትማሊ ብዕሊ ተጀሚሩ።

ኣብቲ መኽፈቲ መድረኽ መደረ እንተስምዑ ዋና ኮሚሽነር ኮምሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ፕሮፌሰር መስፍን ኣርዓያ ከም ዝተዛረብዎ፤ ብዝሰኸነን ዝተረጋገፀን ኹነታት ብምምኽኻር ናብ ምርድዳእ ምብፃሕ ኣማራፂ

“ብዝሰኽነን... ገፅ 6

## ኣብ ክልል ትግራይ ልዕሊ 70 ሚሊዮን ፈልሲ ሓምለዋይ ኣሰር ንምትካል ምድላዋት ተወጊኑ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ልዕሊ 70 ሚሊዮን ፈልሲ ሓምለዋይ ኣሰር ንምትካል ምድላዋት ከም ዝተወገነ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን እቲ ክልል ገሊፁ።

ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተር ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን እቲ ክልል ኣይተ ተስፉይ ተኽለሃይማኖት ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ሓምለዋይ ኣሰር ኣመልኪቱ ኣብ 145 ጣብያታት ፈልሲ ዝተዳለወ እንትኸውን፤ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚሊዮን ዝኸውን ፍረምረን ቀለብ እንስሳትን ‘ዩ።

ዛጊድ ልዕሊ ሽዱሽተ ሚሊዮን ጎዳጉዲ ፈልሲ ተኺዒቱ ከም ዝተዳለወ ብምግላፅ፤ ብምኽንያት ኵናት ብርክት ዝበለ ደን ምስ ምብራሱ ተተሓሒዙ፤ እቲ ሐዚ ዝግበር ተኽላ ፈልሲ ሕብረተሰብ ፍሉይ ትኹረት ገይሩ ክከናኸንን ብሓድነትን ብንቕሓትን ንክሳተፍ ምብርባር እናተገበረ ‘ዩ ኢሎም።

ሓምለዋይ ኣሰር ኣብ ኩለን ወረዳታትን ከተማታትን ክልል ትግራይ ንምትካል እቅድ ከም ዝተትሓዘ ብምሕባር፤ሕፅረት በጀት እንተሃለወ ‘ኳ እስካዕ ሐዚ ከባቢ ፍርቂ ፐርሰንት ስራሕቲ ከም ዝተወገኑ ገሊፆም።

እቶም ዳይሬክተር ከም ዝበልዎ፤ኣፍቲ ክልል ቕድሚ ሐዚ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ምትካል ፈልስን ሓለዋ ሃፍቲ ተፈጥሮን እናተሰርሐ ከም ዝፀንሐ ብምዝኽኻር፤ኾይኑ ግና ፈልሲ ድሕሪ ምትካል ክፍተት ከም ዝነበረን ሐዚ ግና ዝተተኸለ እስካዕ ዝፀድቕ በብእዋኑ ክትትል ብምግባር ከም ዘድልይ ስልጠናታት እናተወሃበ ‘ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

መብዛሕትኦም ፈልስታት ሃገር በቖል (ኣውሊዕን ፅሕድን) ከም ዝኾኑ ብምግላፅ፤ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣብ ምጥፋእ ዘሎ ሃገር በቖል ሃፍቲ ተፈጥሮ

ኣብ ክልል ... ገፅ 6



ዶክተር ኣማኑኤል ሃይለ

### ‹‹ንዳግመ ሕውየት ፐዕና ሴክተር ትግራይ ዝግበር ዘሎ ሓገዝ ዝተባባዕ እኳ እንተኾነ ኮይኑ ግና እኹል ኣይኮነን››

ገፅ 7

## ኣፈፃፀማ ስምምዕነት ፕሪቶሪያን ቀፃሊ ዕዮ ገዛን

**ኣብርሃ ሓጎስ፣ መሰረት ገብረ ዮሃንስ**

ደም ዘዳሚ ኲናት ዕልባት ዝሃበ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ካብ ዝፍረም ዓመትን መንፈቕን ኮይንዎ ኣሎ። እቲ ስምምዕነት ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን 23 ጥቅምቲ 2015 ዓ.ም ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ፕሪቶሪያ ምፍራሙ እንትስማዕ ንብዙሓት ዕረፍቲ ህሊና ሂቡ ‘ዩ።

ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ድማ ነቲ ስምምዕነት ተኸቲሉ ዝተተግበረ ቶኽሲ ደው ምባሉ ኣብ ክልላት ትግራይ፤ ኣምሓራን ዓፋርን ዝነብሩ ዜጋታት ካብ መከራ ዘውፅአ፤ ስቃይን መከራኦምን ደው ዘበለ ክኸውን ክኢሉ ‘ዩ። ብዙሓት ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ስራሕ ንክጅምሩ ኣኽኢሉ ‘ዩ።

እዚ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ፀገም ኣፍሪካውያን ብኣፍሪካውያን መፍትሒ ዘቐመጠ ስምምዕነት ተቃውሞን

ኣተገባብሩ ... ገፅ 6



### “ኣብ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት ብዙሕ ዝተርፈና እንትኾነ ‘ውን ሰላም ክሳብ ዝሃለወ ተስፋ ኣለና ‘ዩ”

- ዶ/ር ኣማኑኤል ሃይለ

ገፅ 5

### “ዘመናዊት ዝኾነት ሃገርን ቴክኖሎጂ ዝስሕብ ዓውዲ ምፍጣር የድሊ ‘ዩ”

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)



ገፅ 4




# 6ነጥቢ3ቢልዮን ፈልስታት ንምትካል ምድሳው እናተገበረ ከምዝኾነ ተገሊፁ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ 2016/17 ዓ.ም ሽዱሽተ ነጥቢ ሰለስተ ቢልየን ፈልስታት ንምትኻል ኣብ ኹሎም ኸባቢታት ቅድመ ምድላዋት እናተገበረ ከምዝኾነ ግሊጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ፌዴሪኢ ኣፍሊጡ።

ግሊጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ ከምዝገለፆ፤ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ሓምላዋይ ኣሻራ ፈልሲ ተኸላ 25 ሚኢታዊ ዝኾን ብተፋሰስ ኣባይ ዝትከል ‘ዩ። ሓምለዋይ ኣሻራ ምድላውን ተኸላን ንብዙሓት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ሰፊሕ ዕድል ስራሕ እናፈጠረ ከምዝኾነ ተገሊፁ ።

ብተደጋጋሚ ድርቂ እናጥቀዮም ዝነበሩ ኸባቢታት ዝናብ ምርካብ ከምዝጀመሩን፤ ሓደጋ ውሕጅ ንምቕናስ ከምዝተኽኣለ ዝገለፀ ኮሙኒኬሽን መንግስቲ፤ ዝደረቑ ቃላያትን ፍልፍላትን ናብ ዝነበሩዎ ምምላስ ከምዝተኽኣለን ንሓጋይን ሕርሻ ዝስማዕማዕ ዝናብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ። ካብ ዕድል ስራሕ ፈጠራ ኣንፃር ንእንስሳት መኖ፣ ንምርባሕ ንህቢ፣ ንሽያጭ ካርቦንን ምስ ጎረቤት ሃገራት ሰናይ ጉርብትናን ርክብ ዲፕሎማሲን ዓብይ ግደ ነይርዎ ‘ዩ።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተጀመረ ሓምለዋይ ዓሻራ መርሃ ግብሪ ኣብ ኢትዮጵያ ኹሎም ክልላት ኣብ መጀመርያ ምዕራፍ ልዕሊ 32 ቢልየን ፈልስታት ዝተተኸሉ እንትኾኑ፤ ዝተተኸሉ ፈልስታት በቲ ዘፈር ብዝተገበረ ክትትል 90 ሚኢታዊ ምፅዳቐ ክኢሉ ‘ዩ።

ኣብ ናይ መጀመርያ ሓምለዋይ ዓሻራ መርሃ ግብሪ ኣብ መላእ ሃገር ብዝተተኸሉ ፈልስታት ቅድሚ ኸዚ ባዶ ተሪፎም ዝነበሩን ምሽርሻር ሓመድ ኣጋጢምዎም ዝነበረ ኸባቢታት ኣብዚ ሐዚ እዋን ናብ ዝነበርዎ ከምዝተመለሱን እቲ መሬት ‘ውን እናለምለመ ከምዝኾነ ባዓል ሞያታት ግብርና ምስክርነቶም ከምዝሃቡን፤ ስራሕ ሓምላዋይ ዓሻራ ብዝተፈላለዩ ዘፈራት ውፅኢት እናርኣየ ከምዝኾነ እቲ ምግለፂ ይሕብር።

ኣብዚ መርሃ ግብሪ ንተኸላ ዝተዳለዉ ፈልስታት ብዝሒ ጥቕሚ ዝህቡ ከም ኣትኽልትን ፍራፍረን፣ ንከተማ ንጫካ ፅባቐ ዝውዕሉ ከምዝኾኑ ዘፍለጠ እቲ መግለፂ፤ ንኻልኣይ ሓምለዋይ ዓሻራ ስኬት ናይ ኹላትና ተሳትፎን ድልውነት ካብ ኸዚ ትፅቢት ከምዝግበር ‘ውን ኣፍሊጡ።

ሓምለዋይ ኣሻራ ንኢትዮጵያውያን ከም ባህሊ ክሳብ ዝቑፀር ጠንኪርና ብምስራሕ ሓምለዋይ ዝተሸፈነት ኢትዮጵያ ኣብ ምፍጣር ብሓባር ጠጠው ክንብል ይግባእ ክብል ፃውዒት ኣቕሪቡ።

# ኣብ ስትራቴጂ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ መሰረት ዝገበረ ስልጠና ተዋሂቡ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ልምዓት ኢንተርፕራይዝ ኢትዮጵያ፣ ኣብ ትግራይ ንዘሎ ኩለ መዳያዊ ምንቅስቓስ ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ንምድጋፍ ዝዓለመ ኣብ ስትራቴጂ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ መሰረት ዝገበረ ስልጠና ኣብ ከተማ መቐለ ሂቡ።

ኣብቲ እዋን ዝተረኸቡ ሓላፊ ቢሮ ኢንዱስትሪ ትግራይ ዶ/ር ገብረህይወት ዓገባ ከምዝበሉዎ፣ እቲ ስልጠና ኣብ ኩሎም ስራሕቲ ዘለዉ ዓቕሚ ምፍፃም ዘዕቢ፣ ንመፍረይቲ ክወሃቦ ዝግባእ ደገፍ ዘጠናኽር፣ ውሽጣዊ ዓቕሚ ብምዕባይ ሰደድ ዘጣናኽር፣ ካብ ወፃኢ ንዝመፁ ፍርያታት ብምቕናስ ብናይ ውሽጢ ዓቕሚ ዝትከኣሉን ቀዋሚ ዕድል ስራሕ ዝዓብየሉን ‘ዩ።

ብተወሳኺ ብኣግባቡ ክንከታተልን ድሕሪ እቲ ስልጠና ድማ ነናብ ዝመፃእናሎም ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ተመሊስና ንኹሎም ሰራሕተኛታት ብኣግባቡ ኣሰልጢና ኣብዚ ዝረኸብናዮ ዓቕሚ ናብቶም ካልኦት መሳርሕትና እነመሓላልፈሉን ንተወሳኺን ዝተዓፃፀፈን ዓቕሚ ሓቢርና እንሰርሐሉን መፍረይነትና ብሙሉእ ዓቕምና እንሕግዘሉን ክኸውን ይግባእ ኢሎም።

መተሓባበሪ እቲ ስልጠናን ዋና ፈፃሚ ስራሕ ህንፀት ዓቕሚ ልምዓት ኢንተርፕራይዝ ኢትዮጵያን ኣይተ ጌታሁን ሞላ ብወገኖም “እዚ ስልጠና ኣብ ከተማታት ኣዳማ፣ ባህርዳርን መቐለን ብተመሳሳሊ እዋን ዝወሃብ ዘሎን ዝለዓለ ጠመተ ዝተውሃቦን እንትኸውን ስትራቴጂ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ብዝለዓለ ብርኪ ኣዕቢና ኣብ ኢኮኖሚ ሃገርና ዝለዓለ ብፅሒት ንክህልወና ዝገብር ንመፍረይቲ ትካላትና ዝተጠናኸረ ድጋፍ ክንህበሉ እንኽእል ዓቕሚ ዝፈጥርን ‘ዩ ኢሎም።

ብዋናነት ስልጠና ኣሰልጠንቲ ስለዝኾነ እዚ ስልጠና ዚ ብኣግባቡ ተኸታቲልኩም ኣብ ኩሎም ከተማታትን ወረዳታትን ንዘለው ክኢላታታት ኣብ ሓፂር እዋን ክተሰልጥኑ ትፅቢት ይግበር ኢሎም።

ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ምዕባይን ምጥንኻርን ኣፈፃፅማ መደባት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ዝለዓለ ተስፋ ንገብር፤ ንቐፃሊ ‘ውን ዝተጠናኸረ ስራሕ ከምእንሰርሕ ክነረጋግፅ ንፎቱ” ኢሎም።

ከም ኮሙዩኒኬተር ቢሮ ኢንዱስትሪ ትግራይ፣ እቲ ስልጠና ኣብ ፍኖተ ካርታ ልምዓት ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ፣ ስትራቴጂ ስግግር ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪን መንግስቲ ቻይና ንኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ዝህቦም ደገፋት ዝምልከት ብሉፅ ተሞኩሮን መሰረት ዝገበረ እንትኸውን ካብ ዝተወሰኑ ወረዳን ከተማን ከይዲ ስራሕ ማኒፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ንዝመፁ መተሓባበርትን ኣመራርሓ ክልል ቢሮ ኢንዱስትሪን ዝተውሃብ ስልጠና ‘ዩ።



# ኣብ ከተማ ዓዲግራት ዝህነፁ ዘለው ፕሮጀክትታት ቅድሚ ክረምቲ ምእታዉ ንኽዛዘሙ እናተሰርሐ ምዃኑ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ከተማ ዓዲግራት ብልዕሊ 388 ሚልዮን ብር ወፃኢ እናተሃነፁ ዝርከቡ ዝተፈላላዩ ፕሮጀክትታት ቕድሚ ክረምቲ ምእታዉ ንምዝዛም ይስራሕ ከምዘሎ ስራሕ መካየዲ ቤት መዘጋጃ ከተማ ዓድግራት መምህር ወልደገብሪኤል ሓጎስ ገሊፆም።

ዛጊድ ዝሳለጡ ዘለው ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት ከተማ ዓድግራት ብዝተትሓዘሎም ጊዜ ሰሌዳ ቅድሚ ክረምቲ ምእታው ንክውገኑን ብፅሬት ንክሳለጡን ልምዓት ኮሚቴ፣ ናይታ ከተማ ነበርትን ሰብሞያን እናተናበቡ ይሰርሑ ከምዘለው ወሲኾም ገሊፆም።

ብመሰረት እዚ እቶም ዝህነፁ ዘለው መሰረተ ልምዓት ምስፍሕፋሕ ፀፀር መንገዲ ፣ ምንፃፍ ፅሩብ እምኒ፣ ህንፀት መሰጋገሪ ድልድል፣ መእለዪ ውሕጅን ካልኦትን ዘካተቱ ከምዝኾኑ ተወካሊ ከንቲባ ከተማ ዓድግራት ኣይተ ኣርኣያ ካሕሳይ ገሊፆም።

ከም ሓበሬታ ቢሮ ጉዳይ ኮሚኒኬሽን ትግራይ ኣብቶም ይሳለጡ ዘለው ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታት ልምዓት ከይዲ ህንፀቶም ብወረዳ ኣመራርሓን ቴክኒክ ኮሚቴን ዑደት ተኻይዱ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ብሱር ኮንስትራክሽን ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር ኣብታ ከተማ ዝሳለጥ ዘሎ ህንፀት ሓደ ነጥቢ ክልተ ኪሎ ሜትሮ መንገዲ ኣስፋልት ስራሕቱ ምዝሕሓል ስለ ዝነበሮ ሱር ኮንስትራክሽን ምስ ምምሕዳር ከተማ ዓድግራት ኣብ ቀረባ እዋን ዘተ ብምግባር ክመሓየሹ ዝግበኦም ውዕልታት ብምምሕያሽ ብዝተትሓዘሉ ጊዜ ሰሌዳ ንምዝዛም ኣብ ስምምዕ ከም ዝበፅሑ ድማ መምህር ወልደገብርኤል ኣብሪሆም።

ብካሊእ ዜና ቤት ፅሕፈት ዘፈር ጉዳይ ሰራሕተኛን ተሳትፎን ተጠቃምነትን ከተማ ዓዲግራት ኣብ ዙርያ ልምዓታዊ ሴፍትኔት ኣመልኪቱ ስልጠና ሂቡ።

ኣብቲ መድረኽ መዕበይ ግንዛበ ረብሓ፣ ጠለብን ኣፈፃፅማን ሓገዝ ሴፍትኔት ኣመልኪቱ ንተጠቀምትን ፈፀምቲ እቲ ስራሕን ዝተወሃበ ስልጠና ዝተረኸቡ ሓላፊ ዘፈር ጉዳይ ሰራሕተኛን ተሳትፎን ተጠቃምነትን ሕብረተሰብ ከተማ ዓዲግራት ቐሺ በሪሁ ሓዱሽ ኣብታ ከተማ 811 ስድራ ተጠቀምቲ ልምዓታዊ ሴፍትነት ከምዘለውን ዛጊድ ልዕሊ 1 ነጥቢ 7 ሚልዮን ብር ብቀጥታ ሓገዝ ከምዝተገበረሎምን ኣብሪሆም።

ምርግጋፅ ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮ፣ምክልኻል ዘይሕጋዊ ስደት፣ምፍጣር ዕድል ስራሕ መናእሰይን ምቁፅፃር ሓሸሽን ብልዑል ትኹረት ክስረሓሎም ከምዝግባእ ድማ ወሲኾም ኣተሓሳሲቦም።

ሰልጠንቲ ብወገኖም እቲ ስልጠና ዓቕሚ ከም ዝፈጠረሎምን ኣብ ምርግጋፅ ተጠቃምነት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ኣሓይሎም ከምዝሰርሑን ገሊፆም።

# ‹‹እቲ ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ ተመራመርትን መሃዝትን ወለዶ ኣብ ምፍራይን ዝዓለመ ክኸውን ይግባእ››

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሽቶ ቐረፃ ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ ኣብ ምሕዋይ ስርዓተ ትምህርቲ፣ ተመራመርትን መሃዝትን ወለዶ ኣብ ምፍራይን ዝዓለመ ክኸውን ከምዝግባእ ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዶክተር ኪሮስ ጉዕሽ ኣተሓሳሲቦም።

ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ካብ መባእታዊ ብርኪ ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ ንምድላዊ ካብ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት መበገሲ ሓሳብ ንምትእኽካብ ዋዕላ ምኽክር መድረኽ ኣሳሊጡ።

ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸቡ ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ዶክተር ኪሮስ ዝዓነወን ዝተዛበዐን ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ ንምሕዋይን ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ ከም ብሓድሽ ንምቕራፅን ኣብ ዘኽእል ዝግበር ዘሎ ምድላው ምርግጋፅ ሕውየት ትምህርቲ ፈጣርትን ተመራማርትን ወለዶ ኣብ ምፍራይ ዘኽእል ስርዓተ ትምህርቲ ክህልወና ክነረጋግፅ ይግባእ ኢሎም።

ኣብቲ ዋዕላ ብደርጃ ሃገር ይትግበር ዘሎ ምትእትታው ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ ብምኽታትን ብተመስሳሊ ዓለምለካዊ ዘለው ምዕባለታት ብምግምጋምን ምስ ዘለናዮ ኩነታት ንምዝማድን ኣብ ዝዳለው ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተዳለወ ንድፊ መቓን ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ልዑል ተሳትፎ ሰብ ብፅሒት ክዓርፎ ምግባር ወሳኒ ‘ዩ ኢሎም ።

ዶክተር ኪሮስ ወሲኾም ከምዝገለፅዎ፣ ቀንዲ ዕላማ ሓድሽ ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ ተመራመርቲ፣ ፈጠርትን



ዶክተር ኪሮስ ጉዕሽ

መሃዝትን ወለዶ ብምፍራይን ሕውየት ትግራይ ዝኣመተ ዘረጋግፅን ክኸውን ይግባእ ኢሎም ።

ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብግድኦም ዝዳለው መቓን ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ትግራይ ክንዲሽሕ ዝነጥፍ ቀለስቲ ወለዶ ክንፈጥርን ዝትግበር ስርዓተ ትምህርት ንምሕንፃፅ ኢሉ ‘ውን ኣካታቲ ክኸውን፣ ቀፃሊ ድሌታት ፖለቲካዊ ጠለባት ህዝቢ ትግራይ ዘማልእ ንክኸውን ከምዘለውን ኣገንዚቦም ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ኣጀንዳ ናይ ምትእኽኻብ ተግባር ውፅኢታዊ ክኸውን ኩሉ ተርኡ ይዋፃእ!

ኣብ 2017 ዓ.ም ኣብ ሃገርና ኣብ ዘለዉ ኣገደስቲ ጉዳያት ሃገራዊ ምርድዳእ ንምፍጣር ዕላማ ገይሩ ዝተጣየሸ ብሄራዊ ኮሚሽን ምኽክር ኢትዮጵያ ኣብ ከይዲ ታሪኽ ዝተፈጠሩ ዘይምርድዳእ ዕልባት ንምሃብ ብዙሕ ፃዕርታት እናካየደ ይርከብ።

እቲ ኮሚሽን ካብ ዝተጣየሸሉ እዋን ጀሚሩ ኢትዮጵያውያን ፍልልያቶም ብሰላማዊ ኣማራፂ ጥራይ ሃገሮም ከሳጋግሩ ፃውዒት ኣብ ምቕራብ ይርከብ። ኣብ  ክልተ ዓመትን ፈረቓን ፃኒሕቱ ዝተፈላለዩ ዓለም ለኻዊ ልምድታት ካብ ምቕማር ብተወሳኺ ክሳብ ናብ ታሕቲ ክፋል ሕብረተሰብ ብምውራድ ብዛዕባ ኣገዳስነት ሃገራዊ ምኽክር ርድኢት እናፈጠረ ፀኒሑ 'ዩ።

ምስ እዚ ጎኒ ንጎኒ ኣብ ዓሰርተ ክልላት ተሳተፍትን ተሓባበርትን ኣካላት መረፃ ኣካይዱ 'ዩ። ስልጠና 'ውን ሂቡ 'ዩ። እዞም ንጥፈታት እዚኦም ኣብዝተወደአሎም ክልላት ድማ ኣጀንዳ ናይ ምቕራፅን ኣብ ዝተቐረፀ ኣጀንዳታት ምኽክር ናይ ምዝዛምን ስራሕ ክሰራሕ 'ዩ።

21 ግንቦት 2016 ጀሚሩ ክሳብ 27 ጉንበት2016 ዓ.ም ኣብዘለዉ መዓልትታት ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣጀንዳ ናይ ምእካብ ተግባር እናካየደ ይርከብ። ናይ ምኽክር ኣጀንዳታት ምትእኽኻብ፣ ምፍላይን ቐረፃን ኣብ ከይዲ ሃገራዊ ምኽክር ወሰንቲ ካብዝኾኑ ጉዳያት 'ዮም። እዚ ከይዲ ድማ ብርከት ዝበሉ ልምድታት ዝቕመርሉ ንሰላምን ዕርቕን ዝተመረፀ ሜላ ትኽክል ምዃኑን ዘይምዃኑን ዝርአየሉ 'ዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ምኽክር ዘሎ እቶም ኣጀንዳታት ኣቐዲምካ ዝተወሰኑ ዋላ እንተዘይኮኑ መትከላት ግን ተቐሚጦም 'ዮም። ምኽክር ክካየደሎም ዝቕረፁ ኣጀንዳታት ኣብ መሰረታዊ ሃገራዊ ኣጀንዳታት ትኹረት ክገብሩ ከምዘለዎም ሃገራዊ ብሄራዊ ምኽክር ኮሙሽን ክገልፅ ፀኒሑ 'ዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝካየድ ጉባኤ ኣጀንዳታት ናይ ምትእኽኻብ ከይዲ ብዝተቐመጠሉ መርሆታት መሰረት ክከናወን ተጠቒሙ 'ዩ።

ኣዲስ ኣበባ ኣንፃራዊ ሰላም ዘለዋን ንብሄራዊ ምኽክር ዝሓሸ መደላድል ዝተፈጠረላን ከተማ ብምዃና ኣጀንዳ ናይ ምትእኽኻቡ ተግባር ዕውት ክኸውን ትፅቢት ይግባር። ኣብታ ከተማ ሓሳብ ኣለኒ ዝብል ተወካሊ ክፋል ሕብረተሰብ  ብዘይምንም ዕልዋ ሓሳቡ ዝህበሉ፣ ብምድምማፅ ጉዳያት ዕልባት ዝረኽብሉ ክኾኑ ተባሂሉ ይሕሰብ።

ነዚ መበገሲ ብምግባር ናብ ካልኦት ክልላት ተመኩሮ ናይ ምስፋሕ ስራሕ ንቐፃሊ ዝትግበር ይኸውን። ንቐፃሊ ኣጀንዳታት እቲ ምኽክር ካብ ሕብረተሰብ ናይ ምቕባልን እቲ ምኽክር ናብ መሬት ናይ ምውራድ ስራሕቲ ክስርሑ 'ዮም። ብሓፈሻ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከብ ተመኩሮ ኣብ ቐፃሊ ንዝካየድ ስራሕቲ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ መሰረት ኮይኑ ዘገልግል 'ዩ።

ብፍላይ  ሰላም  ኣብዝሰፈነሎም  ከባቢታት  ካብ  ኣዲስኣበባ  ልምዲ  ብምቕሳም  ብዝተኻእለ  ፍጥነት ናብ ምትእኽኻብ ኣጀንዳ ክኣትዉ ይግባእ። ናይ ፀጥታ ፀገም ዘለዎም ከባቢታት ድማ ብዝተኸኣለ መጠን መንግስቲ ጣልቃ ብምእታው ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ክፋል ሕብረተሰብ ከምኡ 'ውን ነቲ ፀገም ከንፈትሕ ኢና ኢሎም ዝተለዓሉ ሓይልታት ፀገሞም ብዘተ ንምፍታሕ ክፍትኑ ኣለዎም።

ኢትዮጵያ ዘድልያ ግጭት፣ ኩናትን ምውንጃልን እንተይኮነስ ዘተን ምኽክርን 'ዩ። ስለዚ ከም ሃገር ፀገማት ብዘተ ናይ ምፍታሕ ባህሊ ካብ ምምዕባል ወፃኢ ድሌትካ ብሓይሊ ምፅዓን ግዜ ዝሓለፎ ተግባር 'ዩ።

ምኽክር ኣብ ዝካየደሎም ኣጀንዳታት ብምምኽኻር ኣብ ምርድዳእ ምብፃሕ ኣገዳሲ 'ዩ። በዚ መሰረት ኮሙሽን ሃገራዊ ምኽክር ኢትዮጵያ ብሕጊ ዝተዋሃቦ ሓላፍነት መሰረት ብምግባር ኣጀንዳታት ኣብቲ ከይቲ ተሳተፍቲ፣ ካብ ዝተፈላለዩ መፅናፅትታት፣ ውልቐ ሰባት ወይ ትካላት ካብዝህብዎም ናይ ኣጀንዳ ሓሳባት ብምትእኽኻብ ናይ ምፍላይ፣ ናይ ምቕራፅ፣ ከምኡ 'ውን  ቕደም ተኸተል ክሕዙ ብምግባር ምኽክር ክግበረሎም ይገብር።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘሎ ነባራዊ ኩነታት እቲ ኮሚሽን ምኽክር ኣብ ብዙሓት ብድሆታት ኮይኑ ውፅኢታዊ እናኾነ 'ዩ። ኣብ ከይዲ 'ውን ወሰንቲ ኣብ ዝበሃሉ ኣጀንዳታት ናይ ምትእኽኻብ ስራሕ ንምስራሕ ምድላዉ ዛዚሙ 'ዩ።

ስለዚ ትማሊ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተጀሚሩ ዘሎ ኣጀንዳ ናይ ምትእኽኻብ ስራሕ ውፅኢታውን ዝበለፀ ተመኩሮን ኮይኑ ናብ ካልኦት ክልላት ክሰጋገር ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት   ሓላፍነቶም ብዝግባእ ክዋፅኡ ይግባእ።


## ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን።

## ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሃፍቲ ብኣግባቡ ብምጥቃም ስደት ምቕራይ

መኣርግ ገ/ሄር

ከምዝፍለጥ ወዲ ሰብ ንኽነብር ምግቢ የድልዮ፤ ምግቢ ንኽረክብ ድማ ክሰርሕ ኣለዎ፤ ክልቲኦም ዝነፃፀሉ ነገራት ኣይኮኑን። ብዙሕ ሰብ ኣብ ከባቢኡ ስራሕ እንትስእን ስራሕ ንምእላሽ ካብ ከባቢኡ ርሒቑ ናብ ስራሕ ዘለዎ ቦታ ይኸይድ። ኣብ ትግራይ ከም ኣብነት እንተሪእና ብዙሕ ስራሕ ዘይብሉ መንእሰይ ኣሎ። እዚ መንእሰይ እዚ ስራሕ ንምድላይ ናብ ተፈላላዩ ከባቢታት ወይ ሃገራት እግሩ የምርሕ። መንእሰይ ትግራይ ስራሕ ንምእላሽ ናብ ስደት ምምራሕ ንቡር ገይርዎ ይርከብ። እቲ ምኽንያት ድማ ኣብ ከባቢኡ ስራሕ ስለ ዝሰኣነ 'ዩ። ስደት ክቐሪ ዝኽእል ግና ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሃፍቲ ተፈጥሮ ብምፍታሽ ስራሕ ምፍጣር 'ዩ።

ስራሕ ምፍጣር ናይ ሓደ ኣካል ወይ መንግስቲ ጥራሕ ገይርካ ምውሳድ ግና ትኽክል ኣይኮነን። ምፍጣር ዕድል ስራሕ ናይ ብዙሓት መዳርግቲ ኣካላት ተዋዲድካ ምስራሕ 'ዩ። ሓደ ሰብ ዕድል ስራሕ ክፈጥር ኣይኽእል ማለት ኣይኮነን። ክፈጥር ይኽእል 'ዩ። ኮይኑ ግና ብዙሓት ኣካላት ብዝተናበበን ዝተዋደደን እንትሰርሑ ዝበለፀ ይኸውን። ምኽንያቱ ምትሕግጋዝ ስለ ዘሎ። ክልል ትግራይ ምዑብል ምሕደራ እንተረኺባ መንእሰይ ወለዶ ከይተሰደደ ኣብ ክልሉ ሰሪሑ ክነብር ይኽእል 'ዩ። ብዙሕ መንእሰይ ስራሕ ስኢኑ ዝስደደሉ ምኽንያት ኣብቲ ክልል ዘሎ ተፈጥሮ ሃፍቲ ብኣግባቡ ካብ ዘይ ምምሕዳር ዝብገስ 'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ክልል ትግራይ ዘይነዓቕ ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ካብ ዘለዎን ክልልላት ኢትዮጵያ ሓንቲ 'ያ። ብፍላይ ብመኣድን ወርቂ እትፍለጥ ክልል 'ያ። ኮይኑ ግና ሰፊሕ ተፈጥሮ ሃፍቲ እናሃለወ ናይ ምምሕዳር ወይ ጉድለት ውሑሉል ዓጣቓቕማ  ኣሎ። እታ ክልል ከም ወርቂ፣ ክባር መኣድናት፣ ንስራሕቲ ኢንዱስትሪን ህንፀትን ዝውዕሉ ማዕድናት ብስፍሓት ይርከብዋ። በርግፅ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት እቲ ዘጋጠመ ኲናት ኣብ ዘፈር ልምዓት መኣድን ዘስዓቦ ኣሉታዊ ፅልዋ ቀሊል ዝበሃል ኣይኮነን። እዚ ከምዚ እናሃለወ ድሕሪ ኲናት፣ ልምዓት መኣድን ናብ ንቡር ንምምላስ ብዙሕ ስራሕቲ ተሰሪሑ 'ዩ። ይኹን እምበር ነቲ ዓውዲ ንምምዕባል ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ብሰንኪ ዘይሕጋውነት ኣካይዳ እናተፈተነ ይርከብ።

> **ክልል ትግራይ ዘይነዓቕ ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ካብ ዘለዎን ክልልላት ኢትዮጵያ ሓንቲ 'ያ ብፍላይ ብመኣድን ወርቂ**

ብዘይ ፍቓድ ኣብ ስራሕቲ ምውፃእ መኣድንን ምሻጥን ዝተዋፈሩ ዘይሕጋውያን ሰባት እናወሰኹ ይኸይድ ምህላዉ   ካብቲ ክልል ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣሎ። ከም ውፅኢቱ ድማ ኣብ ኢኮኖሚ ሃገር ብፍላይ ድማ ኣብቲ ክልል ዓቢዩ ናይ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ኣስተዋፅኦ ክገብር እናኸኣለ እዚ ብኣግባቡ ብዘይ ምጥቃም ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብዙሓት ዜጋታት ስራሕ ስኢኖም ባሕሪ ብምቑራፅ ናብ ስደት እናምርሑ ይርከቡ። ብፍላይ መኣድን ወርቂ ንብዙሓት ዜጋታት ዕድል ስራሕ ክፈጥር ከምዝኽእልን ዝእመን ዝነበረ ሕዚ ብዘይ ሕጋውያን ኣካላት እናተበዝበዘ ይርከብ። እቲ ክልል ዘይሕጋዊ ስራሕቲ ንምቑፅፃር እናሰራሕኹ እየ ዋላ ይበል ኮይኑ ግና ማዕድናት ካብ ዘይሕጋዊ ብዝበዛ ተኸላኺሉ እቲ መንእሰይ ዝጥቀመሉ ኩነታት ኣይተፈጥረን። ብፍላይ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ብርከት ዝበለ መኣድን ወርቒ ከምዘሎ 'ዩ ዝፍለጥ። ብዙሓት ወረዳታት ልዑል ዕቑር ወርቂ ከምዘለወን ይዝረብ 'ዩ። ብዙሓት ስራሕ ዕድል ክፈጥሩ ዝኽእሉ ሃፍቲ ተፈጥሮ እናሃለዉ ሰኣን ምዑሩይ ምምሕዳር ዝተወሰኑ ጥራሕ ዝጥቐምሉ ኩነታት 'ዩ ዘሎ። ብፍላይ ድማ ብሰንኪ እቲ  ዝተኻየደ ኲናት ስዒቡ ኣዝዩ ዘይሕጋውነት ኣጣቓቕማ ሰፊኑ ይርከብ። በርግፅ እቲ ክልል ሕጋዊ መልክዕ ንምትሓዝን እናፈተነ 'ዩ፤ ኮይኑ ግና 'ዚ 'ዩ ዝበሃል ውፅኢት እናተረኣየ ኣይኮነን።

ኣብዚ ሴክተር እዚን ካልኦትን ቖላሕታ ሂብካ ብዘይ ምስርሑ 'ዩ ብዙሕ መንእሰይ ናብ ስደት ዘምርሕ ዘሎ። ዓቅሚ ብዝፈቐዶ ምስራሕ የድሊ። እዚ እናሃለወ ናብ ስደት ዘምርሕ መንእሰይ ክህሉ የብሉን። ተፈጥሮ ሃፍቲ ብዝግባእ ምጥቃም የድሊ። ኮይኑ ግና እቲ መንእሰይ ኣብ ዓዱ ሰሪሑ ክልወጥ ኣይተገብረን። ናብ ስደት ካብ ምኻድ ሓሊፉ ኣብ ዓዱ ሰሪሑ ህይወቱ ክመርሕ ክግበር ኣለዎ። ናይ ግንዛበ ስልጠና ክወሃብ ኣለዎ። ብዙሕ ሃፍተ ገነት እናሃለወ መንእሰይ ናብ ስደት ብምምራሕ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ የብሉን።

ኣመራርሓን መዳርግቲ ኣካላትን ተናቢቦም ብምስራሕ እቲ መንእሰይ ወይ  እቲ ክልል ብዝግባእ ክጥቐመሉ ዝኽእል ኩነታት ክሰራሕ ኣለዎ። ብፍላይ ህዝቢ እተን ወረዳታትን ዞባታትን  ብፍሉይ ተጠቓሚ ክኾና ኣለዎን። ኣብቲ ወረዳ ዝርከቡ ኣፍረይቲ ወርቂን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ኣብ ኣጣቓቕማ እቲ ሃፍቲ ተፈጥሮ ምርድዳእ ክገብሩ ኣለዎም።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ወርቂ ዝርከበሉ ከባቢታት ምስ ዝርከቡ ኣፍረይቲ ወርቂ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝፈሪን ዝሸየጥን ዘሎ ምህርቲ ወርቂ ከመይ ጌርና ናብ ሕጋዊ ምህርቲ ከነብፅሖ ከምዘለና 'ውን ሰፋሕቲ ዘተ የድሊ። ምኽንያቱ እዞምኣካላት እዚኦም ብዘይ ሕጋዊ ካብ ምንቕስቃስ ናብ ሕጋዊ ኣሳራርሓ ክኣትዉ ብምግባር እቲ ክልል ዝጥቕመሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ። እንተነኣሰ ናብ መንግስቲ ብምሻጥ ካብዚ ዝርከብ እቶት ድማ ነቲ ክልል ብዝጠቕም መሰረት ክስረሐሉ ኣለዎ። ተሓጓስ ውሑዳትን ዘይሕጋወያን ነጋዶ ክኸውን የብሉን።

ብሓፈሻ ዘለዉ ፀገማትን ክፍተታትን ብምድፋን እቲ ክልል ዘለዎ ኢኮኖሚያዊ ፀገም ዝድገፈሉ ኩነታት ብምፍጣር እቲ ስራሕ ኣልቦ ኮይኑ ዘሎ መንእሰይ ዝጥቐመሉ ኩነታት ምፍጣር የድሊ። ኣብ ዘፈር መኣድን ብዝግባእ እንተተሰሪሕሉን ዘመናዊ ኣካይዳ እንተተዘርጊሕሉን ኣብ ምቕናስ ስራሕ ስእነት ዝህልዎ ግደ ቐሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብዙሕ መንእሰይ ብሰንኪ ስእነት ስራሕ ኣዝዩ እናተፈተነ 'ዩ ዝርከብ።  እዚ ዋላ ሙሉእ ንሙሉእ ንምፍታሕ ዓቕሚ ኣይሃሉ ብስርዓት እንተተመሪሑ ግና ብዙሕ ውፅኢት ክርከብ ይኽእል 'ዩ። ቑፅሩ ዘይነዓቕ መንእሰይ ኣብቲ ዓውዲ ተሰማርዩ ብምስራሕ ካብ ስደት ክድሕን ይኽእል 'ዩ።

# እዋናዊ ዛዕባ

# ‹‹ ዘመናዊት ዝኾነት ሃገርን ቴክኖሎጂ ዝስሕብ ዓውዲ ምፍጣር የድሊ ‘ዩ››

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኮምሽን ፖሊስ ፌደራል ምስ ኢንስቲትዩት ኣርቴፊሻል ኢንተለጀንስ ብምትሕብባር ተሳትፎ ዜጋታት መተግበሪ (EFPApp) ኣጀሚሩ ‘ዩ:: እዚ ስራሕ ንዜጋታት መሰረታዊ ግልጋሎት ንምሃብ ተተሊሙ ዝስራሕ ኣካል ዲጅታል ኢትዮጵያ ስትራቴጂ ‘ዩ:: ኹሎም ዘፈራት ብሙሉእ ዓቕሚ ንምስኻዕ ብዲጅታል ኢትዮጵያ ክድግፉ ኣለዎም ክብሉ ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸቡ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም ‘ዮም:: ኣብ ዝሓለፉ ሽድሽተ ዓመታት ፖሊስ ፌደራል ኢትዮጵያ ካብ ኣናሎግ ናብ ስርዓት ዲጅታል ተሰጋጊሩ ‘ዩ:: በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ ዘሎ ከተማ ንቁሕ ተሳታፎ ዜጋታት ኣድላይ ‘ዩ ኢሎም :: እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ዝገበርዎ መደረ ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናኩም ኣለና:: ሰናይ ንባብ!

‹‹ኣብዚ ቦታ እትርከቡ ኩሎኹም ሎሚ ዲጅታል ኢትዮጵያ ስትራቴጂ ንምስላጥ ንምስኻዕ ዝግበር ፃዕሪ ኣካል ዝኾነ ኣፕ ብኣርቴፍሻል ኢንተለጀንት ትካል ተሰሪሑ ንክንምርቕ ስለዝኻኣልናን ንምርኣይ ስለዝበቃዕና እንኳዕ ደስ በለና እብለኩም::

ዋና ዋና ዕላማ ዲጂታል ኢትዮጵያ ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዝዋሃቡ ሰርቪሳት ዝተቐላጠፉ ንህዝቢ ዘርውዩ ንክኾኑ ንምግባር ቅድሚ ኸዚ ዝነበረና ኣሰራርሓ ብሴክተር ሰርቪስ ጥራሕ እንተይኾነስ ብኹሉ ዘፈር ኣሰራርሓ ኣቕሊልካ ድልየት ተጠቃሚ ልዕል ዘብል ምግባር ንክኽእል ኣብ ኹሉ ዘፈር ዲጅታል ኢትዮጵያ ተግባራዊ እናገበረ ይርከብ:: ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ኹሉ ትካላት ልዕሊ ሓሙሽተ ሚኢቲ ሰርቪሳት ኦውቶሜት ተገይሮም ‘ዮም:: እዚ ዲጅታል ኢትዮጵያ ስትራቴጂ ብምኽትል ቀዳማይ ሚኒስትር ዝምራሕ ካውንስል ብሓፈሻ ኣሰራርሓ ኣመራርሓ ውፅኢት ስለዝኾነ እዚ ስራሕ ንክጠናኸር ኣብ ጎኖም ክንኾን ኹሉ ትካላት ከሓስበሉ ዘለዎ ጉዳይ ‘ዩ:: ብዘፈር ማዕድን እነውፅኦ ሃፍቲ ብግብርና እንሰርሖ ስራሕ ብኢንዱስትሪ እንሰርሖ ስራሕ ብቱሪዝም ዝጀምራናዮ ፃዕሪ ኹሎም ብዲጂታል ኢትዮጵያ እንድሕር ዘይተሓጊዞም ሽቶኦም ኣየሳኽዑን:: ብዙሓት ነገራት ቴክኖሎጂ የደልዮም ‘ዮም:: ብቱሪዝም ሓበሬታ እንረኽበሉ ግልጋሎት እንጥቀመሉ ብርሕቐት እንደልዮ ነገር እንረኽበሉ ቴክኖሎጂ የድሊ ‘ዩ:: እዚ ኣብ ኹሉ ዘፈር ምስፋሕ ምዕባይ ምጥቃም የድሊ ‘ዩ:: ኣብዝሓ ህዝቢ ኢትዮጵያ መንእሰይ ስለዝኾነ ካብ ኸዚ መሰረት ቴክኖሎጂ እናዕበና እንተዘይኸድና ቀፂሉ ብነምፀኦ ዕብየት ዘይምጥን ኣሰራርሓ እትኽተልን ፤ ዘመናዊት ዝኾነት ሃገርን ቴክኖሎጂ ዝስሕብ ዓውዲ ምፍጣር የድሊ ‘ዩ::

እዚ ናይ ትልሚን ሕልምን ኣካል ዝኾነ ስራሕ ኣብ ፖሊስ ፌደራል ዝረኣናዮ ‘ዩ:: ፖሊስ ፌደራል ቅድሚ ሰለስተን ኣርባዕተን ዓመታት ኮምኒኬት ዝገብረሉ ናይ ኮምኒኬሽን ስርዓት ትሑት ‘ዩ ነይሩ:: ሎሚ ዲጂታል ኮምኒኬሽን ኣለዎ:: ቴሌኮሙኒኬሽን ኢትዮጵያ ሃለዎም ኣይሃለወን ፌደራል ፖሊስ ዘመናዊ ብዝኾነ ስርዓት ቴክኖሎጂ ብዘይ ምንም ፀገም ሕድ ሕድ ወታደር ኣተሓሓባቢሩ ስርሑ ክሰርሕ ይኽእል ‘ዩ:: እዚ ድማ ካብ ዋና ቤት ዕዮ ምቁፅፃር ዘኽእል ብጣዕሚ ዘመናዊ መቆፃፀሪ መራኸቢ ስርዓት ፈጢሩ ‘ዩ::

ካልኣይ ድማ ኣብ ከተማናን ኣብ ሓደ ሓደ ከተማታት ብሲሲቲቪ ዝስርሑ ስራሕቲ ብሓፈሻ ዘሎ ምንቅስቃስ ካብዚ ካብ ዋና ቤት ዕዮ ንምቁፅፃር ዘኽእል ስራሕ ፈጢሮም ‘ዮም:: እዚኦም ኽልተ ስራሕቲ ናይ ፖሊስ ስራሕ ፍጥነት ዝሕግዙ እንተኾኑ ‘ውን ሎሚ እንጀምሮ ዲጂታል ኣፕ ግና ካብ ኽልቱኦም ዝበልፅ ‘ዩ:: ምኽንያቱ ኣብ እናዘመነን እናዓበየን ዘሎ ከተማ ፤ብጣዕሚ ቡዙሕ ህዝቢ ዘለዎ ከተማ ውሽጢ ፖሊስ ህዝቢ ከየሳተፈ ሰላም ምርግጋፅ ገበን ምቕናስ ኣይኽእልን:: ህዝቢ ዘሳተፈ ገበን ንምቕናስን ገበነኛታት ናብ ሕጊ ንምቕራብ ዝሕግዝ ኣፕሊኬሽን ‘ዩ ሎሚ እናጀመርና ዘለና::

ብቀሊሉ ሰብ ፎቶ ብምልዓል ቴክስት ብምግባር ድምጺ ብምስማዕ እቲ ሰብ እንትዕፈን እንትሰረቕ ፣ ስርቆት እንትርኢ ፣ ጥሕሰት ትራፊክ እንትርኢ ዝኾነ ዘይሕጋዊ ምቅስቓስ ንፌደራል ፖሊስ ብቴክስት ኣፍሊጡ ፌደራል ፖሊስ ኣብ ውሽጢ ቁርብ ደቒቓ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ፖሊስ ቦታታት ዝተዋፈሩ ወታደራት ትእዛዝ ብምሃብ ገበን ንክቕንስ ዝጥቀመሉ ‘ዩ::

**ኣብ ዝሓለፉ ሽድሽተ ዓመታት ፖሊስ ፌደራል ኢትዮጵያ ካብ ኣናሎግ ናብ ስርዓት ዲጅታል ተሰጋጊሩ ‘ዩ**



ሕድሕድና ንሃገርና ጠጠው ዝበልና ሃገርና ሓለውቲ ከምዝኾና ወታደር ምስ ፖሊስ ብሓበሬታ ብሓሳብ እናደገፍና ጠጠው እንድሕር ዘይልና ሎሚ ዘሎ ዘይግደብ ድልየት ሎሚ ተወሊዱ ተመሪቑ ፅባሕ መኪና ፎቕ ፅባሕ ኹሉ ነገር ምሓዝ ዝቸኩል ዘለናሉ ዘመን ገበን ይብርክት ‘ዩ:: እዚ ገበን ንምክልኻል ህዝብን ፖሊስን ብሓባር ጠጠው ክብሉ ይግብእ:: ህዝብን ፖሊስን ብሓባር ጠጠው ንክብሉ ድማ እዚ ቴክኖሎጂ ብጣዕሚ ዝሕግዝ ስለዝኾነ ሕድሕድ ዜጋ እዚ ኣፕሊኬሽን ብምጥቃም በቢሰፈሩ ዝሪኦም ገበናት ንፖሊስ ንከፍልጥን ብሓባር ገበን ንክንከላኸል ሓደራ ይብል::

ንፖሊስ ፌደራል ኢትዮጵያ ኣመራርሓን ኣባላትን ክሳብ ኸዚ ንከተማና ንሃገርና ዝኸፈልምዎ መስዋትነት ንእትገብርዎ ፃዕሪ ፣ መንግስትን ህዝብንን ኢትዮጵያ ዓብይ ምስጋና ኣለዎ:: ንስኻትኩም ስለዘለኹም ወፂና ንኣቱ ኢና ንስኹም ስለዘለኩም ስራሕ እናሰራሕና ኢና ንስኻትኩም እናሞትኹም ንሕና እናነበርና ኢና:: ነዚ ድማ ዓብይ ክብሪ መንግስትን ህዝብ ኢትዮጵያ ኣለዎ::

ሎሚ ሓደራ ክብለኩም ዝደሊ ነገር ፖሊስ፤ ወታደር ትካላት ፀጥታ ሕልምኹምን ድልየትኹም ፈቒድኹም ዝኣተኹምዎ ስራሕ ንረብሓ ህዝቢ መስዋእቲ ምኧን ‘ምበር ህዝቢ ምጉዳእ ኣይኮነን:: ፖሊስ ገበን ዝከላኸል ወታደር፤ ገበን ንምክልኻል ባዕሉ ኣሕሊፉ ዝህብ እንትኾን'ምበር ኣብ ገበን እንትሳተፍ ዓብይ ሓደጋ ‘ዩ:: ከምዚ ዓይነት ተግባራት ኣብ ከተማና ምስማዕ ተጀሚሮም ‘ዮም:: ክትትል እናገበርና ኢና፤ ዝኾነ ኣባል ፖሊስ ኾነ ወታደር ብዘይግባእ መንገድ ዜጋታትና ንክጎሳቖል ሕጊ ብዘይተኸተለ መገዲ ስጉምቲ ንክወስድ ኣይፍቀደሉን:: ዝፍቀደልና ሕጊ ተተርኢስና ህዝቢ ሓሊና ንሕና ተጎዲእና ዜጋታትና ብሰላም ወፂኦም ንክኣትዉ ‘ዩ:: ንውልቀ ረብሓ ህዝቢ ዝጎድእ ተግባር ካብ ወታደር ብፍፁም ትፅቢት ኣይግበርን:: ብዙሓት ንሰናይ ስራሕ እናፃዓሩ ዉሑዳት በዚ ጥፍኣት ሽም ትካልና ከየጥፍኡ ምስ ህዝብና ኾይና እቲ ገበነኛ ኣባና ውሽጢ ይኹን ካባና ወፃኢ ብሓባር ምክልኻል ኣለና:: እዚ ንምግባር ኣመራርሓ ፖሊስ ብሓፈሻ ትካላት ፀጥታ ኣመራርሓታት ብትግሃት ንክትሰርሑ ብሓደራ መልክዕ ከተሓሳስበኩም ይፈቱ::

ኣብ መወዳእታ ናይ ኢትዮጵያ ኣርቴፊሻል ኢንተለጀንስ ካብ ዝጣየሸ ዉሑዳት ዓመታት ‘ዩ ኾይንዎ፤ሕድሕድ ትካላት ብዘድለየና ኹሉ ቴክኖሎጂ ብምብልፃግ ስራሕትና ዘመናዊ ንክኾኑ ገበን ንምክልኻል ንክንኽእል እናበሮ ዘሎ ፃዕሪ ካብ ዕድሚኡ ንላዕሊ ‘ዩ:: ኣብ ፋይናሻል ሲስተም እናሰርሑ ዘለዉ ሲስተማት ብዙሕ ዝጨብርበሩ ዝኽእሉ ነገራት ምርኣይ እናኽኣለና ‘ዩ:: ሎሚ ድማ ንፖሊስ ዝሰርሕዎ ኣፕ ብጣዕሚ ኣድላይ ‘ዩ:: ኣብ ዝዓበዩ ሃገራት እንሰምዖ ነገራት ኣብ ሃገርና ንክንሰምዕን ንክንርኢን ንክንትቐመሉ ብቋንቋና ንክንግልገል ዕድል ዝሃበ ስለዝኾነ ኣርቴፊሻል ኢንተለጀንስ ንዝተፈጠረ ዕላማ ጠጠው እናበለ ዘሎ ትካል ‘ዩ:: እዚ ጅማሮ ምስ ኢንሳ፣ ፋይናንስ ኢንተለጀንስን ምስ ካልኦት ትካላት ቴክሎጂ ብምትሕብባር ኣብ ኹሉ ዘፈር ዲጂታል ኢትዮጵያ ንክተሳኽዑ ሓደራ እናበልኩ ክሳብ ኸዚ ንዝሰራሕኹምዎ ስራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓብይ ምስጋና ፍቕርን ከቕርበልኩም ይደሊ::

ቴክኖሎጂ ብጣዕሚ ኣድላይ ነገር ‘ዩ:: ኣፕሊኬሽን ኣድላይ ነገር ‘ዩ:: እቲ ዋና ድማ ምጥቃም ‘ዩ:: ስለዚ እዚ ኣፕ ዜጋታት ክንጥቀም ኣለና፣ ሃገርና ብኹሉ ዘፈር እናዓበየት ‘ያ፤ ፖሊሳት ክፍለሃገር እንትዋፈሩ ሕድሕድ ዞባ ለውጢ ንምምፃእ እናሰርሐ ‘ዩ:: ቤት ትምህርት፣ጣብያ ጥዕና ፣ መንገዲ፣ ግድባት ፣ ናብ ኢንዱስትሪ እንተመፂና ድማ ብጣዕሚ ብዙሓት ኢንዱስትሪ እናተስፋሕፈሐ ‘ዩ ዘሎ፣ ግብርና ብጣዕሚ ተስፋ ዝህብ ጉዳይ ‘ዩ ዘሎ፣ ኸዚ ካብ ዘይረብሕ ዘረባ ወፂና ብፍቕሪ ሃገር ኢትዮጵያ እንብልፅግ፤ ንደቅና እንብልፅግ ሃገር እነሻግረሉ ግዜ ስለዝኾነ ዝርርብና ደጋፊ፣ ድርጊትና ሓቛፊ ሕድሕድ ስጉምትና ኢትዮጵያ ልዕል ዘብል ንክኸውን ካብ ኹለትና ትፅቢት ዝግበር ከምዝኾነ ሓሲብና ንክንሰርሕ ሓደራ እናበልኩ ብልፅግናና ዘይተረፍ ‘ዩ፣ ብልፅግና ንምስትምቓር የብቀዐና፤ ደቅና ግና ብዘይ ምንም ጥርጥር ኣይልምኑን:: ››

## ዕዱም ጋሻ

# “ኣብ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት ብዙሕ ዝተርፈና እንትኾነ ‘ውን ሰላም ክሳብ ዝሃለወ ተስፋ ኣለና ‘ዩ”

- ዶ/ር ኣማኑኤል ሃይለ

ኣብርሃ ሓጎስ

**ቅድሚ ሐዚ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ፓርላማ ቀሪቦም ክዛረቡ ሰሚዐ ኣለኹ። ብቢልየን ዝግመት ሓገዝ ናብ ጥዕና ሴክተር ትግራይ ምልኣኹ ትኽክል እዩ። ይኹን እምበር እቲ ሓበሬታ ትኽክል ከምዘሎ ኮይኑ፤ ኣብዚ ሓደ ሓደ ሰባት ዝተሰሓሓተ ምልክት የርእዩ ”ዮም። ብቢልዮናት ዝኣክል ሓገዝ እንተረኺብኩም ደኣ ትካላኩም ዘድልየን ነገር ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም። ሰራሕተኛታትኩም ደኣ ንምንታይ ክሳብ ሐዚ ዘይትኽፍሉ ናብ ዝብል ካሊእ ኣጀንዳ ይኸይድ። ስለዚ እቲ ትኽክልኛ ነገር እትፈልጥ ዝርዝር ነገር ክትፈልጥ ከለኻ ”ዩ። ዝበሉ ናይ ሎሚ ጋሻና ገይርና ዘቅረብናዮም ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ድ/ር ኣማኑኤል ሃይለ ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ጉዳይ ጉድኣትን ዳግመ ህንፀትን ትካላት ጥዕና ትግራይን ኣብ ካሊእ ተመሳሳሊ ዛዕባን ዝገብርዎ ፃንሒት ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና ሰናይ ንባብ፡-**



**ትፕ ኢ:- ኣብ ክልል ትግራይ መንግታዊ ግልጋሎት ምሃብ ካብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ሓደ ”ዩ። ነዚ ድማ ዝተፈላለዩ ህንፀት መሰረተ ልምዓታት ኣድላይ ”ዩ። ካብ ህንፀታት መሰረተ ልምዓታት ድማ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ጥዕና ሓደ ”ዩ። በዚ ኣንፃር ኣብቲ ክልል እንታይ ይስራሕ ኣሎ? ይስርሑ ካብ ዘለው ዋና ዋና ገለፁለይ?**

**ዶ/ር ኣማኑኤል:-** ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ክሳብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝምስረት ካብ ኣቕርቦት መድሓኒት ኢጀንሲ ኢትዮጵያ መድሓኒት ኣብ ምቅራብ ዝተወሰነ ‘ዩ ነይሩ፤ ድሕሪ ምምስራት እቲ ግዝያዊ መንግስቲ ግና ምስ ጥዕና ሚኒስትር ተቀራሪብካ ብምስራሕ ዝሰራሕናዮም ኣለው። ንኣብነት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘለው 13 ሆስፒታላት ምስ ኣብ ትግራይ ዘለው 13 ሆስፒታላት ብምትሕብባር ‘ቶም ሆስፒታላት ሙሉእ ንሙሉእ ናብ ስራሕ ዘእትው እንተዘይኮነ ‘ውን ብዝተወሰነ ናብ ስራሕ ክምለሱ ዘኽእል ንኣብነት ድንገተኛን ተመላላስን ሕክምና ብሓደ ጠረጴዛን ወንበርን ዋላ ይኹን ሆስፒታላት ነኒባዕሎም እናተዘራረቡ ዝደጋገፉሉ ስራሕ ነይሩ። ካብዚ ወፃኢ ድማ ንህፃናት ዝወሃቡ ክትባታት መሊስካ ንምጅማር ብጥዕና ሚኒስተር ወገን ዝተገዝኡ ብፀሓይ ዝሰርሑ መዝሓሊ መዓቀቢ መድሓኒት ብምምፃእ ኣብ ገጠራት ዘለው ኬላታት ጥዕና ሚእቲ ብሚእቲ እንተዘይኮነ ‘ውን ደሓን ቁፅሪ ዘለዎም ተላኢኾም ንኽግጠሙ ብምግባር ክሳብ ሐዚ ዘይተግጠሙ እነተሃለው ‘ውን ። ዳግም ግልጋሎት ክትባት ንክጅምር ብሓባር ሰሪሕና ኢና።

ካብዚ ወፃኢ ድማ ምስ ዘይመንግስታዊ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ኣለው ‘ዮም። ብዝተወሰነ መልክዑ ምስ ተፈናቀልቲ ተተሓሒዙ ዝተወሰነ ምንቅስቃስ ገበርቲ ሰናይ ኣሎ ‘ዩ። ይኹን እምበር ‘ቶም ትካላት ገበርቲ ሰናይ ኣብዚ ጥራሕ ተወሰኖም ክተርፉ የብሎምን። ሓዚ ‘ውን ዘይተፀገኑ ህንፃታትን ዘይተማልኡ ሕክምናዊ ኣቁሑትን ስለዘለው ኣብዚ ‘ውን ትኹረት ንክገብሩ ብምዝርራብ ዝሰራሕናዮም ‘ውን ኣለው ‘ዮም። ከምኡ ‘ውን ተቋሪፆም ዝነብረኡ ግልጋሎታት ሕክምና ከም ኤች ኣይ ቪ ዝበሉ ግልጋሎታት ናብቲ ናይ ቀደም ዝነብርዎ ሙሉእ ንሙሉእ እንተዘይመልስናዮም ‘ውን ቅድሚ ሓደ ዓመት ምስ ዝነበረ ኣንፃር ክንሪኢ ከለና ኣብ ኤች ኣይ ቪ መሊሱ ንክጅምር ፅቡቕ ለውጢ ኣሎ ‘ዩ። ብተመሳሳሊ ሳንባ መንቀርሳ ቲቢ ካልኣይ ብደንቢ ንምስራሕ ዝተጓደሉ መሐከሚ እቲ ሕማም ኣብ ዝተመረፁ ትካላት ሕክምና እነማልኣሉ ኩነታት ኣሎ። ምክንያቱ ብሓደ ግዜ ናብ ኩሉ ምብፃሕ ስለዘይክኣል ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢ ካብ ዕብይ ዕብይ ዝበሉ ትካላት ጀሚርና ናብ ታሕቲ እንኸደሉ ኣሎ ኣብ ካሊእ ከባቢ ድማ ካብ ታሕቲ ጀሚርና ናብ ላዕሊ እናኸድና እናማላእና እንኸደሉ ኩነታት ኣሎ።

**ትፕኢ:- መንግስቲ ፌደራል ንቢሮ ጥዕና ትግራይ ብባጀት ወይ ብገንዘብ ብሓፈሻ ዝገበሮ ድጋፍ ክንደይ ዝኣክል ይኸውን?**

**ዶ/ር ኣማኑኤል:-** እሺ ናብኡ ‘ውን ክመፅእ ‘የ። ሓዚ እቲ ሰላም ይኹን እቲ ምስ ጥዕና ሚኒስተር ዝነብረና ምትሕብባር ቅድሚ ሓደ ዓመት ከም ዝነበርናሉ ኣይኮናን ዘለና። ብምትሕብባር ፅቡቕ ንቕድሚት ዝኸድናሎም ኣለው ‘ዮም። ምስዚ ተተሓሒዙ ፅቡቕ ካብ ዝሰራሕናሎም፤ ኣብ ዳግመ ህንፀት ፖለቲካዊ ዝግበረሉ ኩነታት ኣሎ። ክንድዚ ዝኣክል ጉድኣት ክንድዚ ዝኣክል ሓገዝ እናተብሃለ ዝተጋነነ ከይመስል ኢልና ምስ ሚኒስተር ጥዕናን ትካል ጥዕና ዓለምን ካልኦት ድጋፍ ወሃብትን ብሓደ ብምዃን ንኹላትና ተመሳሳሊ ግንዛበ ንክህልወና ዝገብሩ ፅቡቕ መፅናዕቲ ዝገብርናዮም ነይሮም። ኣብ ትካላት ጥዕና ትግራይ ዝበፅሐ ዕንወት እንታይ ከምዝመስል ትካል ጥዕና ዓለም ዝጥቀመሉ ሜላ መፅናዕቲ ብምጥቃም ንኹላትና ተመሳሳሊ ግንዛበ ንክህልወና ዝገብሩ ብሓባር መፅናዕቲ ገይና ነይርና። እዚ መፅናዕቲ ድማ 86 ሚእታዊ ብከፊል 3 ሚእታዊ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ትካላት ጥዕና ዝዓነዋ ወይ ጉድኣት ከምዝበፅሐን ‘ዩ ዘርኢ። እቲ 86 ሚእታዊ ብክፋል ክንብል ከለና ድማ ሓደ ጥዕና ጣብያ ክንደይ ዝኣክል ክፋሉ ዓንዩ እንትብሃል ካብ 25 ክሳብ 50 ሚእታዊ ዝዓነወ ካብ 50 ክሳብ 75 ሚእታውን ካብኡ ንላዕልን ዝዓነዋ ብዝብል ንምሕጋዝ ብዝምችው መልክዑ ከፋፊልናዮ ኢና።

ካሊእ 72ሚእታዊ ዝኸውን መሳርሒ ሕክምናታቶም ዝተጎዱኡ ወይ ዝተጎሓሉ እንትኾኑ 72 ሚእታዊ ምሳርሒኦም ድማ ሙሉእ ንሙሉእ ዝዓነው ‘ዮም። ብፍላይ ኣብ ገጠራት ከባቢ ዝርከቡ ብጣዕሚ ዝተጎድኡ ‘ዮም። ኣብ መቐለ ዝርከብ ዓብይ ሆስፒታል ዓይደርን ካልኦት ሆስፒታላትን ዓበይቲ ማሽናት እንተነበርዎም ‘ውን ብምኽንያት ኹናት ዘበፅሖም ጉድኣት ግልጋሎት ፅገና ዘይተገበረሎም፤ ዓብይ ወፃኢ ዘሓቱ ማሽናት ብልሽት ዘጋጠሞም ‘ዮም እዚኦም መሊስኻ ንምፅጋን ብዙሕ ወፃኢ ‘ዩ፡፡ ነዚ ጉድኣት ድሕሪ ምርኣይ ድማ ብዓለም ባንኪ ይኹን ብኻልኦት ኣካልት ናይ ዳግመ ህንፅት ስራሕ ንክስራሕ ብዙሕ ፕሮፖዛል ፅሒፍና ኢና። ነዚ ዘድሊ ገንዘብ ንምፅዋዕ ብጣዕሚ መፍርሒ ‘ዩ ብብዙሕ ቢሎናት ዝግመት ብር ‘ዩ። ነዚ ክገልፅ ዝኽእል ድማ ብብርኪ ክልል ዝምልከቶ ኣካል ኣሎ። ኣብ ዳግመ ህንፀት ምስ ሚኒስትር ጥዕና ተቀራሪብና ኢና ንሰርሕ ዘለና። እቲ ዘሎ ፅቡቕ ስራሕ ከምዘሎ ኮይኑ፤ ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ገለገለ ፀገም ካብኦም ብላዕሊ ‘ውን ሰፊሕ ስራሕ ዝሓትትን ‘ዩ።

ንኣብነት ከም ኣምቡላሳት ዝበሉን ካልኦት ኣቁሑት ሕክምናን መሊስካ ንምህናፅ ዝተሰርሐ ብጣዕሚ ውሑድ ስራሕ ‘ዩ ተሰሪሑ። ንኣብነት ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከባቢ ሽራሮ ከይደ ክምዝረኣክዎ ሓደ ትካል ገባሪ ሰናይ ኣብ ዳግመ ህንፀት ኣብ ዝሰረሐሉ ካብ ሸሞንተ ክፅገኑ ዝግብኦም ህንፃታት ክልተ ጥራሕ ብምፅጋን እኹል ገንዘብ የብልናን ‘ዩ ኢሉ። እቲ ህዝቢ ግና ብሻራ ዝተሸፈኑ ግልጋሎት ዝህቡ እናማላኸተ እዚኸ እዚኸ ኣይፅገንን ድዩ እናበለ የሓተኒ ነይሩ። ዝዓነው ኬላታት ጥዕና ክሳብ መሊስካ ዝህነፁ ምፅባይ ካሊእ ጉድኣት ስለዝኸውን ብሻራ ሽፊንኩም ይኹን ኣብ ናይ ውልቀ ሰብ ገዛ ተኻሪኹም ጀምሩ ኢና ኢልናዮም። ስለዚ ኣብ ዳግመ ህንፀት ገና ብዙሕ ስራሕ ከምዘለው በዚ ኣጋጣሚ ክገልፅ ይደሊ።

ምስዚ ተተሓሒዙ ካሊእ ግልፂ ምግባር ዘድሊ ቅድሚ ሐዚ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ ፓርላማ ቀሪቦም ክዛረቡ ሰሚዐ ኣለኹ።ብቢልየን ዝግመት መድሓኒትን መሳርሒ ሕክምናን ናብ ጥዕና ሴክተር ትግራይ ከም ዝተልኣኸ ትኽክል ‘ዩ። ይኹን እምበር ናብ ዝርዝር ክንኣትው ከለና ኢና እቲ ዋና እንረኽቦ። እቲ ሓበሬታ ትኽክል ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ሰብ ከይስሓሓት፤ ንኣብነት ልዕሊ ኣርባዕተ ሚልየን ብር ዝግመት ናብ ትግራይ ኣትዩ ‘ዩ። እዚ ናብ 90 ነጥቢ 8 ሚእታዊ ኣብ ጥዕና ውሽጢ “program item and Supply” ዝበሃሉ ኣለው እዚ እንታይ ማለት ‘ዩ ፤ ኢትዮጵያ ከም ሃገር ካብ ካልኦት ሃገራት ናይ ገንዘብ ድጋፍ ተገዚኦም ዝኣትው ‘ዮም። ንኣብነት ናይ ኤች ኣይ ቪ፣ ስንባ መንቀርሳን ናይ ዓሶን መድሓኒት፣ መመርመሪ መሳርሒታት፣ ኬሚካልን ዛንዚራን ዝበሉን ናይ ህፃናት ክትባታት መከላኸሊ ዓይኒ ትራኮማ ዝበሉ ኩሉ ካብ ሳልሳይ ኣካል ‘ዮም ዝርከቡ። እዚኦም ንመንግስቲ ይግዝኡሉ እሞ ንክልላት ብነፃ ይዕድሎም ክልላት ድማ ንህዝቢ ብነፃ ይዕድላ እዚ ‘ዩ ፕሮግራም ሳፕላይ ዝብሃል። እቲ ዝተረፈ 9 ነጥቢ 2 ብሚእቲ ‘ዩ ብገንዘብ ተገዚኡ ዝመፅእ። 180 ሚልየን ብር ዘውፅእ ኮይኑ እዚ ድማ ብመንግስቲ ጥዕና ሚኒስተር ዝሸፈን ይኸውን ማለት ‘ዩ። እቲ ብበዝሒ ቁፅሪ ዝድለይ ድማ እቲ 9ነጥቢ 2 ሚእታዊ ዝሸፍን ‘ዩ። እቲ ሕፅረት ዘጋጥም ‘ውን ኣብዚ ውሽጢ ‘ዩ ዘሎ። ስለዚ ሓደ ሓደ ግዜ እታይ የጋጥም መሲልካ ክንድዚ ዝኣክል ቢልየናት እንተረኺብኩም ደኣ ናበይ ገይርክሞ ይብሉና። እዚ ነገር እኮ ቀዳማይ ናብ ትግራይ ጥራሕ ዝልኣኽ ዘይኮነስ ናብ ኩሉ ክልላት ዝልኣኽ ‘ዩ። ይኹን እምበር በቲ ዝነበረ ኲናት ምኽንያት ናይዚ ተጠቃምነት መደሓኒታት ምቁርራፅን ናብ ደው ምባልን ‘ውን ዝበፅሐ ስለዝነብረ፤ እቲ ተቀሚጡ ዝነብረ መድሃኒት ይኹን መሳርሕታት ብፅሒት ትግራይ ሐዚ ምሉእ ስለዝመፅእ ‘ዩ።

ብኣና ወገን ነዚ ኹሉ ሓሊፍና ናብዚ ምብፃሕና እግዚኣብሄር ይመስገን ፅቡቕ ነገር ‘ዩ ንሓደ ሓደ ሰባት ግና ዝተሰሓሓተ ምልክት የርእዮም ኣሎ። ብቢልየናት ዝኣክል ሓገዝ እንተረኺብኩም ደኣ ትካላኩም ዘድልየን ብዙሕ ነገር ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም ይብሉ። ሰራሕተኛታትኩም ደኣ ንምንታይ ክሳብ ሐዚ ዘይትኸፍሉደኣ ናብ ዝብል ካሊእ ኣጀንዳ ይኸይድ። ስለዚ እቲ ትኽክልኛ ነገር እትፈልጥ ዝርዝር ነገር ክትፈልጥ ከለኻ ‘ዩ። እቲ ካብ ሳልሳይ ኣካል ዝርከብ ምምፅኡን ሰላሙን ስምምዕን ፅቡቕ ‘ዩ ምዃን ንርዳእ ኢና ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ክፍተት ድማ ትካላት ዘለዋሉ ኩነታት ግልጋላተን ላብራቶሪ ኤክስረይ ኣብዝሓ ካብ ወረዳታት ናብ መቐለ ዓይደር እናመፅኡ ‘ዮም ራጂ ምርመራ ዝረኽቡ። ብሓፈሻ እንተጠቃልሎ ሰላም ዓቢ ነገር ምዃኑ ንሪኦ ኣለና ኢና።

**ትፕኢ:- ናብኡ ቅድሚ ምኻድኩም ብሓፈሻ ካብ መንግስቲ ፌደራል ይኹን ካብ ገበርቲ ሰናይ ንዳግማይ ህንፀት ጥዕና ሴክተር ዝረኸብክምዎ ክንደይ ዝኣክል ሓገዝ ተገይሩ? ክሳብ ሓዚ ክንደይ ዝኣክላ ሆስፒታላትን ጥዕና ጣብያታትን ካብዚ ናይ ሓገዝ ዕድል ተጠቀምቲ ኾይነን?**

**ዶ/ር ኣማኑኤል:-** ትካላት ጥዕና ዳግማይ ኣብ ምህናፅ ኣንፃር ፌደራል መንግስቲ ሐዚ ‘ውን ገና ‘ዩ። እቲ ዘሎ ነገር ከምዝፍለጥ ኲናት ዝነብረን ሓሙሽተ ክልላት ትግራይ፣ ዓፋር፣ ኣምሓራ፣ኦሮምያን ቤኒሻንጉል ጉምዝን ተባሂሉ ንዳግመ ምሕዋይ ብጎንፂ ንዝተጎድኡ ማሕበረሰብ ካብ ባንኪ ዓለም ዝተረኽበ 3R ዝብል ፕሮጀክት ኣሎ፤ እዚ 3R ማለት Response Recovery-Resilience for Conflict affected.. ኮይኑ፤ ብሓፈሻ ንኢትዮጵያ መንግስቲ 300 ሚልየን ዶላር ዝተወሃበ ኮይኑ፤ ካብዚ ሰለስተ ሚእቲ ሚልየን ዶላር ድማ ንሓሙሽቲኣን ክልላት ኮይኑ፤ ነዚ ዘጠቃልል ኣለውዎ። ሓደ ንትካላት ጥዕና፣ ትምህርትን ማይን ዘጠቃለለ ‘ዩ። ካልኣይ ድማ ምስ ጎንፂ ተተሓሒዙ ፃታዊ መጥቃዕቲ ንዝበፅሐን ደቂ ኣንስትዮ ‘ዩ። እዚ ፕሮጀክት ብሚኒስትር ገንዘብ ኣቢሉ ምስ ባንኪ ዓለም እንትፍረም ትግራይ ኣብ ኲናት ስለዝነብረት ብሳልሳይ ኣካል ኣቢላ ዩኖፕስ (UNOPS) ብዝብሃል ኣካል ትካል ሕቡራት መንግስቲ ዓለም ዝኾነ ንክትግበር ‘ዩ እቲ ገንዘብ ተዋሂብዎም።

ካብ ሓደ ብፅሒት ትግራይ 25 ሚልየን ዶላር ‘ዩ

“ኣብ ስራሕቲ… ገፅ 6

# ዕዱም ጋሻ

# “ኣብ ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት ብዙሕ ዝተርፈና...

ነይሩ። (UNOPS) ንዓና ብምዝራብ በዚ ገንዘብ ኣብ መላእ ትግራይ ዘሎ ክነብፅሕ እንተዘይከኣልና 'ውን ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዋ 93 ወረዳታት ሓሙሽተ ወረዳታት ንክንመርፅ ነጊሮምና። ኣብዚ መረፃ መዐቀኒታት 'ውን ነይርዎ 'ዩ። ካብ መዐቀኒታት ድማ ንጡፍ ኲናት ካብ ዝገብረሉ ከባቢ 60 ኪሎ ሜትር ዝረሓቀ ንክኸውን 'ዩ ነይሩ። ስለዚ ሓሙሽተ ወረዳታት መሪፅና ሂብናዮም። ካብኡ ነሃትና ዝነብረ ትፅቢት ዝነብረ ኣብቶም ዝተመረፁ ወረዳታት ዘለው ዝተጎድኡ ኩሎም ትካላት ጥዕና ጣብያታት ቤት ትምህርትታትን ማያትን ክፅገኑ 'ዮም ዝብል 'ዩ ነይሩ፤ ይኹን እምበር ንኣብነት ወረዳ ሕንጣሎ እንተሪእና ሓንቲ ዝተመረፀት ጥዕና ጣብያ ወፃኢ ካልኦት ኣብኡ ዘለው ዝተጎድኡ ትካላት ንክሽፈን ኣይተገበረን። ኣብ ካሊእ ወረዳ 'ውን ብተመሳሳሊ ሓደ ቀዳማይ ብርኪ ሆስፒታል ጥራሕ 'ዮም መሪፆም ስሪሖም።

እቲ ስራሕ ከምዘሎ ኮይኑ፤ እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ግና እቲ ብፕሮጀክት 3R ዝመፅእ ገንዘብ ናብቲ ክልል ኣታዊ ንክኸውን እቲ ክልል ድማ ወረዳታት ብምምራፅ እቲ ገንዘብ ንዕኦም ክህቦም እሞ ንሳቶም ድማ ካብ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ካብ ዝወሃቦም እናመረፁ ንክፅግኑ 'ዮም ተዘራሪቦም። እዚ ሓደ 'ዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ብ3R ፕሮጀክት ዝተመረፁ ወረዳታት ገንዘብ ተላኢኹ ስራሕ ከምዘይጀመሩ 'ዩ ክሳብ ሐዚ ዘለኒ ሓበሬታ። ስራሕቲ ዳግመ ህንፀት ንምስራሕ ግና ተስፋ ኣለና 'ዩ። ካሊእ ኣብ ዳግመ ህንፀት ጥዕና ኬላታት ብኣውሮፓ ሕብረት ኬር ፎር ሄልዝ (CARE FOR HEALTH) ብዝብሃል ኣቢሉ ንክልላት ትግራይ ዓፋርን ኣምሓራን ዝተተሓዘ በጀት ነይሩ። እዚ ፕሮጀክት ዝተወሰኑ ትካላት መሪፆም ይፅግኑ። ካብኡ ድማ ኣድላይ ዝኾነ መሳርሒ ሕክምና የማልኡ ኣብቲ ትካል ጥዕና ንዝሰርሑ 'ውን መሪፆም ውን የሰልጥኑ። ነዚ ንክትግብር ዝተመረፀ ድማ ዩኒሴፍ ኮይኑ ቁሩብ ደንጉዩ 'ዩ ልዕሊ ሓደ ዓመት ዝኸውን ገይሩ ናብ ተግባር ኣይኣተውን ነዚ ዝተተሓዘ ገንዘብ 'ውን ክንደይ ከምዝኾነ ኣይፈልጥን።

ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዋ ልዕሊ 1000 ትካላት ጥዕና፣ 2 ሪፈራል ሆስፒታል 14 ሓፈሻዊ ሆስፒታል፣ 24 ቀዳማይ ብርኪ ሆስፒታል፣ 231ጥዕና ጣብያታትን 754 ኬላ ጥዕናታት ብወገን ዩኒሰፍ ኣቢሉ 1 ኬላ ጥዕናን 15 ጥዕና ጣብያታትን 2 ቀዳማይ ብርኪ ሆስፒታላት ምሳና ብምዝርራብ ካብዚኦም ዝኸፍአ ጉድኣት ዝበፅሖም ትካላት ዝመረፅናዮም ዝስርሑ ዝርዝር ከይዶም 'ዮም። ኣብዚ ካብ ጥዕና ሚኒስትር እንፅበዮ ዝነብርና ብኣማኢት ዝቁፀሩ ንክፅግን 'ዩ ነይሩ። ብጥዕና ሚኒስትር 'ውን ኣብ ትግራይ ናብ 18 ዝኣክል ቁፅሪ እንተወሪዱ ኣብ ካልኦት ክልላት 'ውን ከምኡ እንተወሪዱ ከምዝሓሰብናዮ ኣይከደን ኢሎም ስብሰባ እናፀውዑ 'ዮም ዘለው። ኣንሕና ከኣ ዋላ በዚ ቁፅሪ ይኹን እንተዝቅልጥፈልና እናበልና ኢና ዘለና፤ ምኽንያቱ ናብ ተግባር ከይኣተው ልዕሊ ዓመት ኮይንዎ 'ዩ በቢዋን ድማ ዋጋ ኮንስትራክሽን እናወሰኸ 'ዩ ዘሎ።

ካሊእ ዳግመ ህንፀት ካብ ሕብረት ኣውሮፓ ብዩኒሴፍ ዝትግበር 'ዩ። ብሓፈሻ ግና ንእስ ንእስ ዘበሉ ፅገናታት ኣብዚ ኣብ ትግራይ ብዝንቀሳቀሱ መዳርግቲ ኣካላት ስልጠና ጥራሕ ምሃብ ካብ ዝኸውን መስኮት ተሰቢሩ ሱቅ ካብ ዝብሉ ዝተመረፁ ኣዴታት ዝወልዳሉ እንተሃልዩ እስቲ ኣብዚ ሞክሩ ንብሎም ኢና። እና ብከፊል ዝተመረፁ ክፍልታት ናብ ስራሕ እነእትወሉ ኣፍቲ ኣፍቲ ኣለው 'ዮም። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ፤ ገለ ገበርቲ ሰናይ ሪፖት ክገብሩ ከለው እቲ ትካል ሙሉእ ከምዝተፀገነ ገይሮም ዝገልፅሉ ኩንታት ኣለው 'ዮም። ብሓፈሻ ነሃትና ተስፋ ሰላም ምኳኑ 'ዩ። እዚ ሰላም ክሳብ ዝሃለወ ተስፋ ኣለና 'ዩ። ብፍላይ እቲ ዘሎ ዝተወሰነ ምንቕስቓስ ክሳብ ዝሃለወ ቀሊል ዘይብሃል ስራሕ ናይ ምስራሕ ዕድል ክህልው 'ዩ ኢልና ኢና ንሓስብ። ብሓፈሻ ዘሎ እዚ 'ዩ።

**ትኳሕ:- ኣብ ኽይዲ ዳግመ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ጥዕና ተተሓሒዙ ቅድም ካብ ዝገለፁሉ ወፃኢ ብመንግስቲ ፌደራል ክኸውን ይኽእል ወይ ብትካላት ገበርቲ ሰናይ ዋና ዋና ክስተኻኸሉ ኣለዎም ዝብሃሉ ፈተናታት እንተሃልዮም።**

**ዶ/ር ኣማኑኤል:-** ፈረንጂ ከምዝብልዎ “breathing space” ዝብሃል ኣሎ መተንፈሻ ግዘ ቀጥታ ካብ ኲናት ምስ ወፃእኻ ብሓደ ግዘ ስርዓት ጥዕና ናብ ዝነብሮ ኣይምለስን። ይኹን እምበር ሓደ ሓደ ሰባት ሓዚ እማ የኣኽለኩም እምበር በጀት እኮ ይምደበልኩም ኣሎ 'ዩ። ስለዚ ዓርስኹም ከኣሉ ዝብሉ ኣለው። ንኣብነት ቅድሚ እቲ ኲናት ትግራይ ፅቡቅ ትፍፅመሉ ዝነብረት መድሕን ጥዕና ዝብሃል ኣሎ። ካልኦት ክልላት ብፅቡቅ ኣፈፃፅማ ዝኸዱሉ ዘለው። ኣብ ትግራይ ግና ሙኡእ ንሙሉእ ደው ኢሉ 'ዩ። እዚ ማለት እንታይ ማለት 'ዩ፤ ሰባት ናብ ትካላት ጥዕና እንትመፅኡ ካብ 95 ንላዕሊ ክኸውን ይኽእል ከይኸፈለ 'ዩ ዘሎ ግልጋሎት ክጥቀም ዝፅዕር። ምኽንያቱ ልዕሊ ሓደ ሚልየን ካብ መረበቶም ዝተፈናቀሉ ኣለው። ኣብዚ እዋን ኣብ ልዕሊ 3 ዞናት ድርቂ ኣሎ። ስለዚ ክፈል ንምባል ብጣዕሚ ከቢድ 'ዩ ዝኸውን። 'ቶም ሆስፒታላት ድማ ዝብጀተሎም በጀት ደመወዝ ንምኽፋል ጥራሕ ዝበቅዕ 'ዩ። ካብኡ ናይ መድሓኒት ዕዳ ይመፅእ። ዓሚ ናይ 2015 ሽፊና ኢና ሐዚ ግና ዝተረፈ ባዕልኹም ክፈሉ ኢሎምና። ያው ቅድም ከምዝነገርኩካ ምስ ምኒስትር ጥዕና እናተዘራረብና እናተሓባበርና ምርድዳእ ዝዓሰሎ ፅቡቕ ርክብ 'ዩ ዘለና። ብዚ መሰረት እሺ እስቲ ኢሉ ናይ ሓምለ ነሓሰ መስከረም ዘሎ ርብዒ ዓመት ጥዕና ሚኒስተር ብምሽፋን ካብኡ ንድሓር ዘሎ ይከፈሉ ኢሉ። ይኹን እምበር ካብኡ ናብዚ ዘሎ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ግና ትካላት ጥዕና ናብ 90 ሚእታዊ ዝኸውን ክፍሊት ክኸፍላ ኣይኽኣላን ዘለዋ። መድሕን ጥዕና ምምሊስካ ናይ ምጅማር ኽይዲ ናይ ስግግር እዋን ብምምችቻው መንግስቲ ገበርቲ ሰናያት ሃገራት ብምሕታት ብምዝርራብ እቲ ክኸፍል ዘይኽእል ህዝቢ ንክኽፈለሉ ብምግባር ናይ ስግግር እዋን ዝግበረሉ ኩነታት ኣሎ 'ዩ እሞ። በቢብርኩ ዘለው ኣካልት እዚ ተዝርድኦም ዓቢ ነገር 'ዩ። ኻሊእ ሓደ ሓደ ብብርኪ ፌደራል ስራሕ ሓነቅቲ ኣካላት ኣለው 'ዮም። ንኣብነት ብነዳዲ ዝሰርሑ ተሽከርከርቲ ኣይኣትውን እንትብሃል ይርድኣኒ 'ዩ። ብግሊ ንዘለው ካሊእ ኣማራፂ ክህልዎም ይኽእል 'ዩ። መንግሳታዊ ንዝኾኑ ግና ንኣብነት ኣምቡላንሳት እንተረኺብና 'ውን ንምእታው ኣፅገሚ እናኾነ 'ዩ ዘሎ። ስለዚ ኣብዚ ዘሎ ገደብ ብፍሉይ መልክዕ ኣለሕሊሕ ተዘብለዎ ፅቡቅ 'ዩ።

# “ብዝሰኽነን. . .

ዘይብሉ ሃገራዊ መፍትሒ 'ዩ።

ካብ ኩሉ መኣዝናት ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝመፅኡ ህዝብታት ብሓባር ተኸባቢሮም ዝነብሩላ ከተማ ምኳና ዝገለፁ እቶም ዋና ኮሚሽነር፤ ንዝቕፅሉ መዓልታት ብስርዓት ምኽክር እንትግበር እንታይ ፅቡቅ ነገር ከምዝምፅእ ንጎረቤት ሃገራትን ንኣፍሪካን ንምርኣይ ምድላው እናተገበረ ምኳኑ ሓቢሮም።

እቲ ኮሚሽን ኣብ ኣርባዕተ ምዕራፋት ከፋፊሉ ብምግላፅ፤ ሐዚ ሳልሳይ ምዕራፍ ናብ ዝኾነ እናተሸጋገረ ምኳኑ ብምምልኻት፤ ናይ ሎሚ መርሃ ግብሪ ኽይዲ ምፍላይ ኣጀንዳታት ምኽክር ብዕሊ ምጅማሩ ተዛሪቦም።

እዚ ናይ ምኽክር ምዕራፍ ኣብ ዝቕፅል ጉባኤ ዘተ ንዝለዓሉ መሰረታዊ ጉዳያት ቁልፊ ግደ ከምዘለዎ መስፍን ኣርኣያ (ፕ/ር) ገሊፆም።

ብተመሳሳሊ ከም ፅብፃብ ግዜኢ፤ እቲ ኮሚሽን ብሕቶ ምሁራን፣ ልሂቃንን ዝተፈላለዩ ትካላት ፖለቲካን ድሌትን ፍቓድን መንግስቲን ተወሲኹዎ ኣብ 11 ክልላትን ክልተ ምምሕዳር ከተማታትን ብዝግባእ ተቓኒዩ ከምዝተጣየሸ ኣብሪሆም።

ዝተወደቡ ትካላት ሃይማኖት፣ ሲቪል ማሕበረሰብን ትካላት ፖለቲካን በቢብርኩ ብምክታት ብ4 ምዕራፍ ብዝኸፋፈሉዎም ናይ ስራሕ መርሃ ግብሪታት ክልቲኦም ብምዝዛም ናብ ሳልሳይ መርሃ ግብሪ ማለት 'ውን ናይ ዘተ ምዕራፍ ኣብ ምስግጋር ከምዝርከብ 'ውን ተዛሪቦም።

ኣብዚ ከይዲ ዘተ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ዝተፈለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ መራሕቲ ሓሳብን ፖለቲካን ንኽኾኑ ኣብ መጣየሺ ኣዋጅ እቲ ኮሚሽን ብግልፂ ከምዝተደንገገ ገሊፆም።

እቲ ኮሚሽን እዞም መሰረታዊ ሓሳባት መበገሲ ብምግባር ተሳተፍቲ ናይ ምፍላይ ስርሑ ኣሳታፊን መካተቲን ብዝኾነ መገዲ ንምስላጥ ኣድለይቲ ዝኾኑ ተግባራት ብጥንቃቐ እናወገነ ምፅንሑ ተዛሪቦም።

እዚ ናይ ዘተ ምዕራፍ ኣብ ዝቕፅል ጉባኤ ዘተ ንዝለዓሉ መሰረታዊ ሃገራዊ ጉዳያት ቁልፊ ግደ ከምዘለዎ ኣገንዚቦም።

ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ካብ 119 ወረዳታት ዝተወፃፅኡ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝወከሉ ልዕሊ 2500 ተሳተፍቲ ኣብቲ መኽፈቲ መድረኽ ይሳተፉ ከምዘለው ተገሊፁ።

# ኣፈፃፅማ ስምምዕነት ፕሪቶሪያን. . .

ስግኣታትን ገጢምዎ ነይሩ 'ዩ። እቲ ስምምዕነትን ኣተገባብርኡን ኣመልኪቱ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ምሁራት ሳይነስ ፖለቲካ ከምዘዛራረቦም፤ እቲ ስምምዕነት ክሳብ ሐዚ ብዘርከቦም ረብሓታት ይኹን ኣብ ቀፃሊ ዝህልዎ ረንሓ ኣብ ፖለቲካ ኢትዮጵያ ዓብዪ ግደ ዘበርከተ ምኳኑ ይዛረቡ።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ናይ ፖለቲካል ሳይንስ ክፍሊ ትምህርቲ መምህር ዝኾኑ ኣይተ ሽመልስ ኃይሉ ከምዘብራህርህዎ፤ ምፍራም ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ብርሰትን ዕንወትን ሂወትን ሃፍትን ደቂ ሰባት ደው ዘበለ 'ዩ። ኣብ ኲናት ክልተ ዓመታት ክፋል ሰሜን ኢትዮጵያ ልምዓት ኾነ ሰላማዊ ምንቕስቓስ ዝሕሰብ ኣይነብረን ይብሉ።

እቲ ዝነበረ ዕንወት ብገንዘብ ጥራሕ ዝትመን ኣይነበረን። ሰላማዊ ዜጋታት ስለዝሞትዎም ካብ ምሕዛን ዝሓለፈ ነሃቶም ሞት 'ውን ቀረባ ከምዝኾነ ብምሕሳብ ኣብ ልዑል ጭንቀት ውሽጢ ዘእተወ 'ዩ ነይሩ። ኣብዚ ስቃይ ውሽጢ ንዝነበረ ሕዝቢ እቲ ስምምዕነት ልዕሊ ቃላት ዝኾነ እፎይታ ዝሃበ ምኳኑ 'ውን የብራህርሁ።

ብተወሳኺ እቲ ስምምዕነት ቅልጥፉን ዘይተሓሰበን ንኢትዮጵያ ይኹን ንኣፍሪካ ከም ዓለም ብዙሕ ትምህርቲ ዝሃበ ኾይኑ 'ዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ተፈጢሮም ዝነብሩ ኲናት ነኒባዕሉ ደው ንምባል ብዙሕ ልፍዓትን ንውሕ ዝበለ እዋን ዝሓቱ 'ዮም ነይሮም። ምክንያቱ ድማ ብቀሊሉ ምትእምማን ምፍጣር ስለዘይክኣል ናይ ካልኦት ሓይልታት ደገ ናይ ባዕሎም ድልየት 'ውን ስለዝሕወሶ 'ዩ። በዚ መንፅር እዚ ኲናት ኣብ ሓፂር እዋን ስምምዕነት ደው ምባሉ ባዕሉ ዓወት ምኳኑ ይገልፁ።

ከም ገልፃ ኣይተ ሽመልስ፤ እቲ ስምምዕነት ንኢትዮጵያ ካብ ተወሳኺ ነዊሕ ኲናት ዘድሐነን ኢሉ 'ውን ሕቡእ ኣጀንዳ ሒዞም ዝመፅኡ ናይ ወፃኢ ኢድ ኣታውነት ዘትረፈ 'ዩ። እዚ ድማ ከም ሃገር ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ አፍሪካን ብፍላይ ኣብ ኲናት ውሽጢ ዘለው መርኣያ ተገይሩ ዝውሰድ 'ዩ። ብኻሊእ ወገን እቲ ስምምዕነት ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት እታ ሃገር ንዝርኣዩ ጎንፅታት መመልከቲ መፍትሒ መንገዲ 'ዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ዓርሰ በዓርሲ ጎንፅን ኲናትን ሓደ ኣካል ታሪኽ 'ዩ። ከም ሃገር ዘለና ንብረት ካብ ምዕናው ከም ሕዝቢ መናእሰይ ምውዳእን ንፁሃት ናብ ስቃይ ምእታው ዝሓለፈ ዝኾነ ይኹን ዘትረፎ ነገር የለን። እዚ ኣከያይዳ ኣብ ዓውዲ ፖለቲካ 'ውን እዚ ዝብሃል ለውጢ ከየምፅአ ክሳብ ሐዚ ፀኒሑ 'ዩ።

እዚ ተስፋ መፃኢ ወለዶ ካብ ምጥፋእ ዘሓለፈ ጥቕሚ የብሉን። ብምኳኑ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ንዝሓለፈ ጥራሕ እንተይኾነስ ንመፃኢ 'ውን ፅቡቐ መልእኽቲ ዝህብ 'ዩ። ኣብ ቀረባ ቤት ምኽሪ ድሕንነት ኣብ ዝሃቦ መግለፂ ከምዝፍለጦ፤ እቲ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ኣብ ኣምሓራ፣ ኣብ ዓፋርን ትግራይን ክልል ናይ መሊሰኻ ምህናፅን መሊሰኻ ስራሕቲ ምጥያሸን ተጀሚሮም 'ዮም። ሰብኣዊ ሓገዝ 'ውን ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ናብ ክልል ትግራይ ዝበፅሓሉ ኩነታት ተፈጢሩ 'ዩ። እቲ ስምምዕነት ሰላም ድሕሪ ምፍራሙ መንግስቲ እቲ ስምምዕነት ካብ ዝኣተዎ ግዴታ ብዝሓለፈ ምትእምማን ንምፍጣርን ሰላም ንምህናፅ ኣድለይቲ 'ዮም ዝበሎም ስጉምቲ ብተኸታታሊ ወሲዱ 'ዩ።

በቲ ስምምዕነት ሰላም ክሳብ ኸዚ ዝተረኸበ ውፅኢትን እፎይታን ከምዘሎ ኾይኑ ዝተረፉ ስራሕቲ ኣለዉ። ብፍላይ ብምምዕነት መሰረት ዕጡቓት ህወሓት ዕጥቂ ክፈትሑ ኣለዎም። ናይ ማንነትን ወሰን ምምሕዳርን ሕቶ ዘለዎም ኸባቢታት ጉዳይ ዕልባት ንምሃብ ንክካኣል ዝጠቕሙ ኣንፈታት ተግባራዊ ምግባር ኣደላይ 'ዩ። ብኹናት ዝተመዛበሉ ንምምላስን ንምጥያሽ ዝተጀመረ ስራሕ ዕልባት ክረክብ ከምዘለዎ ብሄራዊ ቤት ምኽሪ ድሕንነት ገሊፁ 'ዩ።

መንግስቲ ዝተቛረፁ መሰረተ ልምዓታትን ግልጋሎታት ንምፅጋንን መሊሰኻ ንምጅማር ጠንኪሩ እናሰርሐ 'ዩ። ናይ ፋይናንስን ኢኮኖሚን ምቅስቃስ ኣብ ክልል ትግራይ ንምስላጥ ዓብይ ወፃኢ ኣውፂኡ 'ዩ። ናይ ሰለም ትርፊ ዓብይ ስለዝኾነ መንግስቲ ትፅቢት ካብ ዝገበረሉ ብዝሓለፈ እቲ ቁስሊ ንምሕዋይ ዘኽእል ስራሕ እናሰርሐ 'ዩ ክብል ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ድሕንነት ገሊፁ 'ዩ።

ኣቦ ወንበር ትግራይ ዲሞክራቲክ ፓርቲ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ ብወገኖም እቲ ስምምዕነት ኹሉ ኢትዮጵያዊ ሰላም ከምፅእ 'ዩ ኢሉ ተስፋ ዝገበረሉ ጉዳይ ስለዝነበረ ተግባራዊ ንክኾን 'ውን ብወገን መንግስቲ ብዙሕ ስራሕቲ ተሰሪሑ 'ዩ። በዚ ድማ ዝተወሰነ ርሕቐት ምጉዓዝ ተኻኢሉ 'ዩ። እናተረኸበ ዘሎ ውፅኢት ኸዚ ካብ ዘለዎ ረብሓ ብዝሓለፈ ካልኦት ጎንፅታት ንምፍታሕ ከም ኣብነት ዝጥቀስ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ስምዕነት ብኣፍሪካያን ምግባሩ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ዓብይ ረብሓን ትርጉምን ዘለዎ 'ዩ። ኣብቲ እዋን ምዕራባውያንን ኣሜሪካውያንን ጣልቃ ንምእታው ብዙሕ ሞኪሮም ነይሪም፤ ኸዚ 'ውን እናሰርሑ ዘለዉ ስራሕ ኣሎ። እዚ ንህዝቢ ዝጠቕሞ ነገር የለን፤ ናይ ወፃኢ ጣልቃ ኣታውነት እንድሕር ዘይሃልዩ እቲ ስምምዕነት ዘላቒ ናይ ምኳን ዕድል ሰፊሕ 'ዩ። ነዚ ድማ ሕብረት ኣፍሪካ ዝገበሮ ግደ ዝናኣድ 'ዩ።

ሕብረት ኣፍሪካ ባዕልና ክኢልና ንክንጉዓዝ ብዙሕ ነገር ሰሪሑ 'ዩ ዝብሉ ኣረጋዊ (ዶ/ር)፤ ክሳብ ኸዚ ዝተመዝገበ ውፅኢት ክርከብ ዝኻኣለ ነዚ 'ዩ። ናይ ኣሜሪካውያን ምዕራባውያን ኢድ ኣታውነት እንተዝህሉ ነይሩ ኸዚ ዝራእናዮ ውፅኢት ምረኣይ ኣይንኽእልን ነይርና። እዚ ኾይኑ በቲ ስምምዕነት ተኹሲ ጠጠው ኢሉ ውፅኢት እንተተረኸብሉ 'ውን ትፅቢት ካብ ዝግበረሉ ግን እኹል ከምዘይኾነ ይገልፁ።

ነቲ ስምምዕነት ከም ዋና ጉዳይ ክውሰድ ዝግበኦ ሰላም ንምስፋን መሰረት ዝኾነ ዓንቀፅ ዓሰርተ ዝሰፈረ ጉዳይ ክሳብ ኸዚ እኹል ትኹረት ኣይተረኸበን። በዚ ዓንቀፅ ዝሰፈረ ስምዕነት ኣብ ትግራይ ኣካታቲ ዝኾነ ግዝያዊ ምምሕዳር ንክምስረት ዝእዝዝ 'ዩ ይብሉ። ኣካታቲ ማለት ድማ ካልኦት ፖለቲካ ማሕበራዊ ጉጅለ ዝሓቑፈ ማለት 'ዩ። እዚኦም ኣካላት እንተዝካተቱ እቲ ስምምዕነት ሰላም 'ውን ንምትግባር ዓብይ ዕድል ዝኸፍት 'ዩ። እዚ ተግባራዊ እንድሕር ተገይሩ ዝተጀመረ ዕጥቂ ምፍታሕ፣ ሰራዊት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታ ምስፋር፣ ተበፃሕነት ሓገዝ ናይ ምርግጋፅ ስራሕ ኹሉ ውፅኢታዊ ይኾን ነይሩ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።

ኾይኑ ግና እቲ ስልጣን ህወሓት ጠቕሊሉ ግዝያዊ ምምሕዳር ንክኾን ተገይሩ 'ዩ። ህወሓት ድማ ንውድቓት ዝዳርግዎ ፖሊሲታት ክሳብ ኸዚ እናተኸተለ ይርከብ። ኾይኑ ድማ ንድሕሪት ተመሊሱ በቲ ስምምዕነት መሰረት እዚ ንምስትኽኻል ትፅቢት ይግበር። ተዘይኾይኑ ግና ናይቲ ስምምዕነት ውፅኢታውነት ኣብ ሕቶ ውሽጢ ክኣቱ ይኽእል 'ዩ ዝብል ሓሳቦም ሂቦም 'ዮም።

# ኣብ ክልል ትግራይ ልዕሊ. . .

ንምምላስ ዝዓለመ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ሕብረተሰብ ቕድም ክብል ተወዲቡ ስራሕቲ ልምዓት እናሳለጠ ከም ዝፀንሐ ብምዝኽኻር፤ሐዚ 'ውን ዝያዳ ብምድላው እቲ ዝትከል ፈልሲ ብጥንቃቐን ብሓላፍነትን ንምትካል ምድላዋት እናገበረ 'ዩ ምስ በሉ፤ኣብ ቐፃሊ ሰሙን ሰብ ሞያ ሃፍቲ ተፈጥሮ ንህዝቢ መድረኽ ግንዛበ ከም ዘዳልዉ ገሊፆም።

እቲ ሕብረተሰብ እስካዕ ሐዚ ኸባቢኡ ብልምዓት እናሓለወ ምፅንሑን፤ኣፍቲ ሐዚ ዝግበር ሰፊሕ ምድላው ሓምለዋይ ኣሰር ብንቕሓት ብምስታፍ፤ ከምኡ 'ውን ኣመራርሓታት እስካዕ ወረዳ ብኣካል ብምውራድ ህዝቢ ብምውዳብን ንቑሕ ተሳትፎ ንኽገብሩ እቶም ሓላፊ ተላብዮም።

ወጋሕታ **ዜና**



# ካልኣይ ዙር ሃገር ለኸ ምንቅናቕ መፍረይቲ ትካላት ትግራይ ክሳለጥ ‘ዩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብምትሕብባር ቢሮ ኢንዳስትሪ ትግራይን ሚኒስትሪ ኢንዳስትሪን ቤት ምኽሪ ማሕበራት ትግራይን 2ይ ዙር ሃገር ለኸ ምንቅናቕ መፍረይቲ ትካላት ትግራይ ካብ 01 ክሳብ 05 ሰነ 2016 ዓ.ም ስለዝሳለጥ፣ ትካላት ደቀቕትን ኣናእሽተይን ስራሕቶም እንታይ ከምዝመስል ንምዕዛብ ሎሚ 14 ጉንበት 2016 ዓ/ም ኣብ ዝተመረፁ ትካላት ብጋዜጠኛታት ዑደት ተሳሊጡ።

ብመረት እዚ ኣብ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ በዓል ዋና “ወዛም የባህል ልብስ ጥበብ” ኣይተ ወልደገብሪኤል ግደይ፣ ኣብ ክፍለ ከተማ ዓዲ ሓቂ መፍረይ እታወታት ኮንስትራክሽን ሄራዞን ብሎኬት ኣይተ ሚኪኤለ ገብረእግዝኣብሄርን ኣብ ክፍለ ከተማ ሰሜን መምረትን መሸጥን ፈሳሲ ሳሙና ኣይተ ፊሊሞን ገብረጨርቆስ ዘካይድዎ ዘለዉ ስራሕቲ ተራእዩ ‘ዩ።

ኣብ ክፍለ ከተማ ቀዳማይ ወያነ ኣብ ዘፈር ባህላዊ ክዳውንቲ ኣይተ ወልደገብሪኤል ግደይ፣ ስራሕ ክጅምር ከለኹ ብውሑድ ገንዘብ ‘ዩ ኔሩ። ቀስብቐስ ኣብ ፅቡቕ ብርኪ ምብፅሑን እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ኲናት ግና ንድሕሪት ከምዝመለሶን ብምሕባር፣ ኣብ ስራሕቱ ነቲ ብኢድ ተጠሊፉ ዝስራሕ ዝትክእ ማሽን ከምዘድልን ውፅኢታዊ ስራሕ ንምስራሕ መስርሕን መሸጥን ቦታ፣ ዕድል ልቃሕን ከመቻቸ ሓቲቱ።

ከም ሓበሬታ ቢሮ ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ፣ እቲ ስራሕ ናተይ ዘይኮነስ ናትና ‘ዩ ዝበሃል ዝበለ መፍረይ እታወታት ኮንስትራክሽን ሄራዞን ብሎኬት ኣይተ ሚኪኤለ ገብረእግዝኣብሔር “ኣነ ሃለኹ ኣይሃለኹ ስርሖም ፈሊጦም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት እዮም ዘለውኒ፤ ብሰንኪ ኲናት ስራሕ ደው ምስበለ ኣነ ጥራሕ ዘይኮንኩ ተጎዲኦ ሰራሕተኛታተይ እውን ዝበልዕዎ ስኢኖም ተፀጊሮሞም ነይሮም” ኢሎም፤ ሕዚ ግና ኲነታት እንተተመቻቺዩ ተረባሪብና ክንሰርሕ ኢና ክብል ሓቢሩ።

እቲ ትካል ዕንወት ከምዝበፅሖ ዝገለፀ ኣይተ ሚኪኤለ ካብቲ ዕንወት ወፂኦም ንባዕሎምን ንወገኖም ብፍላይ ንመናእሰይ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ካብ ልምዓት ባንክ ልቓሕ ንምውሳድ ከምዝሓተቱ ገሊፁ።

ኣብ መፍረይ እታወታት ኮንስትራክሽን ሄራዞን ብሎኬት ምስ ኣይተ ሚኪኤለ ገብረእግዝኣብሔር ኣብ ምስራሕ ዝርከቡ ሃለቃ ባህረ ኣብርሃ፣ “ኣብዚ ስራሕ ክሰርሕ ከለኹ ንባዕለይ ጥራሕ ዘይኮንኩስ ንስድራይ እውን የመሓድር ኣለኹ። ሰላም ሳላ ዝተረኽበ ኣብ ስራሕ ይውዕል ኣለኹ። እቲ ሰላም ሙሉእት ንክህልዎ ኲሉ ዝከኣሎ ክገብር ይግባእ” ኢሎም።

ኣብ ክፍለ ከተማ ሰሜን መምረትን መሸጥን ፈሳሲ ሳሙና ኣይተ ፊሊሞን ገብረጨርቆስ፣ ቅድሚ ኲናት ኣስፊሐ ብምስራሕ ብዙሓት መናእሰይ ምሳይ ተቖፂሮም ይሰርሑ ነይሮም። ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብውሱን መልክዕ ክጅምር ኪኢለ ኣለኹ። ሕዚ ስራሕቲ ኣስፊሐ ምስራሕን ዕድል ስራሕ መናእሰይ ንክፈጥር ሓገዝ ልቓሕ ገንዘብን ማሽናትን ክግበረለይ እሓትት ኢሉ።

ኣብ መምረትን መሸጥን ፈሳሲ ሳሙና ምስ በዓል ዋና ኣይተ ፊሊሞን ገብረጨርቆስ እናሰርሐ ዝረኸብናዮ መንእሰይ ገብረትንሳኤ ገብረስላሴ፣ እናሰራሕኹ ዓርሰይ ኪኢለ ወለደይ ከየፀገምኩ ኣብ ኮሌጅ ይመሃር ኣለኹ።

ብተወሳኺ ‘ውን ሞያ ይመሃር ኣለኹ ብምባል መናእሰይ ኣብ ዘየድሊ ቦታ ጊዚኦም ካብ ዘጥፍኡ ጊዜ ተመሊሶ ኣይመፅእን እሞ ጊዜኦምን ዕድሚኦምን ኣብ ስራሕ ከውዕልዎ እምዕድ ኢሉ።

# ሃፍቲ ማዕድን ብሕጋዊ መንገዲ ጥራይ ክለምዕ ብምግባር ዕድል ስራሕ ንምፍጣር እናተሰርሐ ‘ዩ

- ኣብቲ ዘፈር ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ኣዋርሕ ንልዕሊ 41 ሺሕ ዜጋታት ስራሕ ዕድል ተፈጢሩ

**መኣርግ ገ/ሄር**




ኣዲስ ኣበባ፡- ሃፍቲ ማዕድን ክልል ትግራይ ብሕጋዊ መንገዲ ጥራይ ክለምዕ ብምግባር ንብዙሓት ስራሕ ኣልቦ መናእሰይ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር እናተሰርሐ ምዃኑ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ኮምኒኬሽን ቢሮ መሬትን መዓድንን ክልል ትግራይ ኣይተ ፍስሃ ግርማይ ገሊፆም። ከምኡ ውን ኣብቲ ዘፈር ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ኣዋርሕ ንልዕሊ 41 ሺሕ ዜጋታት ስራሕ ዕድል ምፍጣሩ ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣይተ ፍስሃ ንትፕኢ ከምዝገለፅዎ፤ ሕጋዊ ፍቓድ ዘይብሎም ኣካላት ብዘይሕጋዊ መንገዲ ወርቂ ከፍርዩን ክሸጡን ዝኽእለሉ ኲነታት ኣሎ።

ኣብዚ ተግባር እዚ ብዙሕ ሃፍቲ ይባኽን ከምዘሎ ዝገለፁ እቶም ዳይሪክተር፤ ብዝተዋደደን ተናበበን ኣገባብ ብምስራሕ እዞም ዘይሕጋውያን ኣካላት ሕጋዊ መስመር ተኸቲሎም ክሰርሑ ንምግባር ኣንፈት ተቐሚጡ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ሓቢሮም።

ኣብ ዘይሕጋዊ ስራሕቲ ዝነጥፉ ኣካላት መንግስቲ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምውዳድ ናብ ሕጋዊ መስመር ንምምላስ እናሰርሐ ከምዝኾነን እዚ ስራሕ ድማ ተጣናኺሩ ከምዝቕፅልን ኣፍሊጦም።

ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎ ኢዛና ዝተባህለ ትካል ምህላዉ ብምጥቃም፤ ኢዛና ወርቂ ካብ ኣፍረይቲ ወሲዱ ናብ ብሄራዊ ባንኪ ዘአቱ ትካል ‘ዩ፤ ወርቂ ናብ ኢዛና ንምርካብ ተተሊለሙ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕ ብሰንኪ ኣብ ምፍራይ ወርቂ ዘሎ ፀገም ክንድትዝድለ እናኣተወ ከምዘይኮነ ገሊፆም።

ወርቒ ሕጋውነት ብዝተኸተለ መንገዲ ናብ ኢዛና ናይ ምርካብ ስራሕ እናተዳኸመ ምዃኑ ብምግላፅ፤ ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ወርቒ ኣብምፍራይ ዝተሰማረዩ ላዕለዎት መፍረይቲ ኲባንያታት ናብ ስራሕ ዘይምእታዎም ከምዝኾነ ገሊፆም። ፍቓይ ከይተወሃቦም ወርቒ ዘፍርዩን ዝሸጡን ኣካላት እናበዝሑ ነቲ ካሊእ ድማ እናዳኸሙ ከምዝኾነ ‘ውን ወሲኾም ተዛሪቦም።

ወርቒ ብምእራይ ብሕጋዊ መንገዲ ናብ ኢዛና ካብ ምእታው ኢሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝሸጥሉ ኲነታት ካብ ሕፅረት ግንዛበ ዝተላዕለ ከምዘይኮነ ብምግላፅ፤ ኣብ ልምዓት ወርቕን ምዕዳግን ዝተናበበ ስርዓት ብዘይምህላዉ ምዃኑ ጠቒሶምም።

እቲ ቢሮ ኢ-ሕጋዊነት ንምክልኻል ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምዝታይን ርድኢት ብምፍጣርን ፃዕሪ እናገበረ ከምዝርከብ ዝገለፁ እቶም ዳይሪክተር፤ ዝተጠናኸረ ክትትል ብምግባር ኢ-ሕጋዊነት ንምቕናስ ዘኽእሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ ምዃኖም ኣፍሊጦም።

እቲ ክልል ብዘፈር መኣድን ናይ ምፍራይ ዓቕሙ ልዑል ምዃኑ ብምጥቃስ፤ ሃፍቲ መኣድን ብምልማዕ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ዘኽእሉ ስራሕቲ ተጣናኺሮም ከምዝቕፅሉ ኣፍሊጦም።

ኣብቲ ዘፈር መኣድን፣ ኣብዚ ዝተተሓዘ በጀት ዓመት ን45ሺሕ መናእሰይ ናይ ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ተተሊሙ፤ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ኣዋርሕ ን41 ሺሕን 285 ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ከምዝተኸኣለን እዚ ድማ ናይቲ ትልሚ 95 ሚኢታዊ ዝኸውን ምስኻዕ ከምዝተኸኣለ ኣይተ ፍስሃ ኣብሪሆም።

# ኣብ ወረዳ ሓውዜን ልዕሊ 540 ሽሕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ፈልስታት ይዳለዉ ምህላዎም ተሓቢሩ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብዚ ዓመት ኣብ ወርሒ ሓምለ ንዝካየድ መርሃ ግብሪ ተኽላ ንዝኸውን 540 ሽሕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ፈልስታት ይዳለዉ ምህላዎም ክኢላ ልምዓት ደኒ ዘፈር ቁጠባ ወረዳ ሓውዜን ኣይተ ሃይላይ መዝገበ ኣፍሊጦም።

ኣብታ ወረዳ ኣብ ዝሓለፉ ዓማውቲ ኣብ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ርኡይ ለውጢ ከምዝተመዝገበ ብምግላፅ፤ ኮይኑ ግና ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ሕፅረት ግንዛበን በቲ ዘጋጠመ ኲናትን ስዒቡ፣ ኣብ ልዕሊ ኣግራባት ብዙሕ ብርሰት ከም ዝበፅሖን ነዚ ብርሰት ንምዕጋትን ንዝበረሱ ድማ ናብ ንቡር ንምምላስን ዘኽእል ስራሕቲ ይስራሕ ምህላው ኣይተ ሃይላይ ኣፍሊጦም።

ብመሰረት እዚ ኣብ 23 ጣብያታት ወረዳ ሓውዜን፣ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2016 ዓ.ም ንዝካየድ ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝውዕሉ፣ ልዕሊ 540 ሽሕ ዝተፈላለዩ ዓይነት ፈልስታት፣ ኣብ 3 መፍለሲ ጣብያታት፣ ኣብ 120 መደብ ግቡእ ክንክን እናተገበረሎም ከም ዝርከቡ ወሲኾም ሓቢሮም ።

ኣብዚ ዓመት ኣብታ ወረዳ፣ ሕውየት ሃፍቲ ተፈጥሮ ንምርግጋፅ፣ ሓምለዋይ ከባቢ ንምፍጣርን ድርቂ ዝፃወር ኢኮኖሚ ንምህናፅን ዝዓለመ ወፍሪ ተኽላ ንምክያድ መደብ ከምዘሎን፣ በዚ መስርሕ ኣብ ልዕሊ 350 ሄክታር መሬት ተኽላ ከም ዝካየድን ኣይተ ሃይላይ መዝገበ ኣብሪሆም ።

ብርሰት ኣግራብ ንምዕጋትን ንምቁፅፃርን ሽዱሽተ መቆፃፀሪ ኬላታት ተዘርጊሖም ክትትልን ቁፅፅርን ይካየድ ምህላው ዝገለፁ ኪኢላ ልምዓት ደኒ እታ ወረዳ ኣይተ ሃይላይ ፣ብኣውርኡ ግና ሕብረተሰብ ትንፋሱን ህልውንኡን ዝኾኑ ኣግራባት ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ግቡእ ክንክንን ሓለዋን ገይሩ ዋሕስ ክኾኖም ይግባእ ክብሉ ኣገንዚቦም።

# ‹‹ንዳግመ ሕውየት ጥዕና ሴክተር ትግራይ ዝግበር ዘሎ ሓገዝ ዝተባባዕ እኳ እንተኾነ ኮይኑ ግና እኹል ኣይኮነን››

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- መንግስትን ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ኣካላትን ንዳግመ ሕውየት ጥዕና ሴክተር ትግራይ ዝገብርዎ ዘለዉ ሓገዝ ዝነኣድ እኳ እንተኾነ እቲ ዘሎ ፀገም ሰፊሕ ብምዃኑ እኹል ከምዘይኮነ ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዶክተር ኣማኑኤል ሃይለ ገሊፆም።

ዶክተር ኣማኑኤል ሃይለ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ መንግስትን ካልኦት ገበርቲ ሰናያትን ዝተፈላላዩ ሓገዛት እናገበሩ ‘ዮም። ክሳብ ሕዚ ብገንዘብ እንትግመት ልዕሊ 4 ቢልዮን ብር ሓገዝ ተገይሩ ‘ዩ። ኮይኑ ግና እቲ ዘሎ ፀገም ሰፊሕ ብምዃኑ እኹል ኣይኮነን። ብምዃኑ እቲ ሓገዝ ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ።

ኣብ ዳግመ ህንፀት ትካላት ጥዕና ጣባያ ብጣሚ ዉሑድ ስራሕ ‘ዩ ተሰሪሑ ዝበሉ ዶ/ር ኣማኑኤል፤ እቲ ዘሎ ፅቡቕ ስራሕ ከምዘሎ ኮይኑ፤ ነዚ ዘድሊ ገንዘብ ብብዙሕ ቢሎናት ዝግመት ብር ከምዝኾነን እቲ ዘሎ ፀገም ንምቕራፍ ሰፊሕ ስራሕ ዝሓትትን ‘ዩ ኢሎም።

ከም ገለፃ ዶ/ር ኣማኑኤል፤ ቀጥታ ካብ ኲናት ምስ ወፃእኻ ብሓደ ግዘ ስርዓት ጥዕና ናብ ዝነብሮ ኣይምለስን። ይኹን እምበር ሓደ ሓደ ሰባት ሓዚ እማ የኣኽለኩም በጀት እኮ ይምደበልኩም ኣሎ ‘ዩ ዓርስኹም ከኣሉ ዝብሉ ኣለው። ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ክፍተት ገና ብዙሕ ፃዕሪ ዝሓትት ‘ዩ።

ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዋ ልዕሊ 1000 ትካላት ጥዕና፣ 2 ሪፈራል ሆስፒታል 14 ሓፈሻዊ ሆስፒታል፣ 24 ቀዳማይ ብርኪ ሆስፒታል፣ 231ጥዕና ጣብያታትን 754 ኬላ ጥዕናታት ዘለው ኮይኖም፤ ካብዚኦም ዝኸፍአ ጉድኣት ዝበፅሖም ብምምራፅ ምስ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብምዝርራብን ብምትሕብባርን ዝስርሕሉ ዕድል ከምዘሎ ዶ/ር ኣማኑኤል ወሲኾም ገሊፆም።

ብቢልየን ዝግመት መድሓኒትን መሳርሒ ሕክምናን ናብ ጥዕና ሴክተር ትግራይ ምልኣኹ ትኽክል እንተኾነ ‘ውን ከይንስሓሓት ብግቡእን ብዝርዝርን ምርዳእ ከምዘድሊ ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዶክተር ኣማኑኤል ሃይለ ገሊፆም።

ብቢልየን ዝግመት ሓገዝ መድሓኒትን መሳርሒ ሕክምናን ናብ ጥዕና ሴክተር ትግራይ ምልኣኹ ትኽክል ‘ዩ። ይኹን እምበር እቲ ሓበሬታ ትኽክል ከምዘሎ ኮይኑ፤ ኣብዚ ብዝርዝር ብዘይምርድእ ክንድዚ ዝኣክል ብልየናት እንተረኺብኩም ድኣ ናበይ ትግብርዎ ኣለኹም ኢሎም ዝሓቱና ኣለው ‘ዮም።

ንኣብነት ልዕሊ ኣርባዕተ ቢልየን ብር ዝግመት መድሓኒትን መሳርሒ ሕክምናን ናብ ትግራይ ኣትዩ ‘ዩ ዝበሉ ዶ/ር ኣማኑኤል፤ ካብዚ ናብ 90 ነጥቢ 8 ሚእታዊ ካብ ካልኦት ሃገራት ብድጋፍ ዝርከብን ንክልላት ብነፃ ዝከፋፈልን ንተገልገልቲ ድማ ብነፃ ዝዕድሉ ‘ዮም። ካብዚ እቲ 9ነጥቢ 2 ሚእታዊ 180 ሚልየን ብር ዝግመት ድማ ብጥዕና ሚኒስተር ዝሸፈን ‘ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

በቲ ዝነበረ ኲናት ምኽንያት ተጠቃምነት መደሓኒታት ምቁርራፅን ናብ ደው ምባልን ‘ውን ዝበፅሐ ስለዝነበረ፤ እቲ ተቀሚጡ ዝነብረ መድሃኒት ይኹን መሳርሕታት ብፅሒት ትግራይ ሐዚ ምሉእ ስለዝመፅእ ነቲ ቁፅሪ ሓፍ ክብል ከምዝገብሮ ‘ውን ዶ/ር ኣማኑኤል ኣረዲኦም።

# ስፖርት

## ደማቕ ንሕንሕ ዘተኣናገደ ዓብይ ጉያ ኣብ በቆጂ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ዓለም ዘኽበሮም ኣብ ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ዓብይ ስም ዘለዎም ኣትሌታት ዘፍለቐት በቆጂ ንኢትዮጵያ ስፖርት በዓልቲ ውዕለታ ክትባሃል ትኽእል ‘ያ፡፡ እቲ ቦታ ፅቡቕ ንብረት ኣየር ዘለዎ ንስፖርት ምቹው ብዃኑ ንዘመናት ብዙሓት ኣትሌታት ካብዚ ወፂኦም ‘ዮም፡፡ እዚ ቦታ ናይ ኣትሌታትን መባፅሒ ቱሪዝም ንምግባር ሚኒስትር ቱሪዝም ኢትዮጵያ ምስ ዓብይ ጉያ ኢትዮጵያ ብምዃን ጉያ ውድድር ኣካይዱ ‘ዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዓብይ ጉያ ኣብ ቦቆጂ ንመበል ሳልሳይ ግዜ፣ ሰገናትን መናእሰይን ውድደር ተኻይዱ ‘ዩ፡፡ ብመናእሰይ 12 ኪሎሜትሮ ናይ ኣትሌታትን ህዝባዊ ጉያን ውድድር፤ መልዓልን መባፅሕን ስታድየም በቆጂ ብምግባር ዝተገበረ ውድድር ‘ውን ዓሚ ኣብ ማራቶን ዱባይ ኣሸነፌ ዝኾነ ኣትሌት ኣዲሱ ጎበና ንካልኣይ እዋን ተዓዋታይ ኾይኑ ‘ዩ፡፡ ዓብይ ፉኽክር ዘተኣነገደ በዚ ጉያ ብርሃኑ ፈዬን ኣማን ከድርን ካልኣይን ሳልሳይን ብርኪ ብምሓዝ ዛዚሞም ‘ዮም፡፡ ብደቂ ኣንስትዮ ድማ ትእግስት ደጀኔ፣ መስከረም ኣሰፋን ኣዳነች መስፍንን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተኸታቲለን ኣትየን እየን፡፡ ካብቲ ውድድር ምግንዛብ ከምዝተኽኣለ ዓብይ ጉያ ኣብ በቆጂ በቢ ዓመቱ እናደመቐን ብፈታኒ ፍኹክር ዝተዓጀበ ጉያ እናተኣናገደ ከምዝኾነ ‘ዩ፡፡

በቆጂ ናይ ዉርያት ኣትሌታት ምፍረይትን ጥራሕ እንተይኾነት ነባራይ እታ ከተማ ኹሉ ጎያይ ዝኾነላ ስፍራ ከምዝኾነት ዝገለፀት ስራሕ መካይዲት ዓብይ ጉያ ኣብ ኢትዮጵያ ዳግማዊት ኣማረ እያ፡፡ ዓብይ ጉያ ቅድሚ ኸዚ ብራኸ ዘለዎ ቦታ በዚ ርሕቐት ውድድር ኣካይዱ ኣይፈልጥን በቢ ዓመቱ ኣብ ካልእ ስፍራ ዝግበሩ ውድድራት ሓፀርቲ ርሕቐት ‘ዮም፡፡ ኣብ በቆጂ ካብ ኣትሌታት ሓሊፉ ህዝቢ ‘ውን ዘሳተፈ ጉያ ነዊሕ ርሕቐት ብምክያዱ ርግፅ ‘ውን መፍረይ ኣትሌታት ከምዝኾነ መርኣያ ‘ዩ፡፡ ሓገዝ ተመልካቲ ቁፅርን ስምዒትን ምስክር ከምዝኾነ ገሊፃ እያ፡፡

ድምቀት ኣዲስ ኣበባ ዝኾነ ዓብይ ጉያ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ካብ ዝተፈላለዩ ዓለማት ናይ ዓለምን ኦሊምፒክ ዝኾኑ ተፈለጥቲ ኣትሌታት ይዕደሙ ‘ዮም፡፡ ኾይኑ ግና ንብዙሓት ኣትሌታት ዘብቀዐት በቆጂ ካብታ መሬት ዝወፀ ኣትሌት ክርከቡ ብዘይምኽኣሎም ሕቶ ብዙሓት ‘ዩ፡፡ ናይቲ ውድድር ኣዳለውቲ እዚኦም ኣትሌታት ፃውዒት እንተቐረበሎም ‘ውን ብኣካል ኣብቲ ስፍራ ምርካብ ከምዘይኻሉ ተዛሪቦም ‘ዮም፡፡ ካብዚ ብዝሓለፈ ኣብ ቱሪዝም ስፖርት ትኹረት ገይሩ ዝሰርሕ ዓብይ ጉያ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዓመት ከምዘካይዶም ዓበይቲ ውድድር ጉያ መፍረይት ኣትሌታት ዝኾነት በቆጂ ማእኸል ቱሪስት ንምግባር ብዝተጠናኸረ ስራሕ ከምዝቕፅል እታ ስራሕ ኣካይዲት ገሊፃ እያ፡፡

ሚኒስትር ቱሪዝም ኢትዮጵያ ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ፤ እዚ ጉያ ዓላማ ገይሩ ዝተልዓለ ቱሪዝም ስፖርት ንምስፋሕ ብምዃኑንስፖርት ኣትሌቲክስ ብጣዕሚ ምቹውን ፍልፍል ኣትሌታት ዝኾነት በቆጂ ተመራፂ ከምዝኾነ ተዛሪበን፡፡ ነዊሕ ርሕቐት ዝጅምር ካብ ሓደ ስጉምቲ ‘ዩ፤ ከምዝፍለጥ ዓብይ ጉያ ኣብ ኢትዮጵያ ብንእሽተን ቁፅሪ ዝጀመረ ጉያ ብኣሽሓት ብምዕባይ




ብዙሕ ቑፅሪ ዘለዎ ጎያይ ቱሪስት ንምስታፍ ብዙሓት ስራሕቲ ክስራሕ ይግባእ፡፡ ካብ ጉያ ብዝዘለለ ብራኸ ንምውፃእ፣ ንብስክሌታ ስፖርት ምቹው ብምዃኑ ኣብ ቀፃሊ ብምስፋሕ ቱሪስት ንምውሳኽ ክሰርሕ ‘ዩ፡፡

ኾይኑ ግን እዚ ሽቶ ዕላምኡ ንክውቅዕ ንኣትሌታት ዝኾን መሰልጠኒ ቦታ ንቱሪስት ዝኾን መሰረተ ልምዓት ምምላእ ኣድላይ ‘ዩ፡፡ ከም በቆጂ ብዙሓት ኣትሌታት ዘፍረየት ኣብ ኬንያ እትርከብ ኤልዶሬት ከተማ እቲ ዋና ኣታዊኣ ካብ ዝተፈላለዩ ዓለማት ናብቲ ስፍራ ዝጓዓዙ ኣትሌታት ስልጠና ዝርከብ ‘ዩ፡፡ እዚ ኩነታት ኣብ በቆጂ ንክንፀባረቕ ንምግባር ድማ ናይ ባዓል ሃፍቲ፣ ናይቲ ክልል መንግስትን መንግስቲ ፌደራልን ተሳትፎ ኣድላይ ‘ዩ፡፡ እቲ ሚኒስትር ካብቲ ውድድር ሓሊፉ እቲ ከባቢ ንምንቅቃሕ ስራሕቲ ብምስርሑ ዝተወሰነ ለውጢ ተራእዩ ‘ዩ፡፡ በቆጂ ዘፍረየቶም ተፈለጥቲ ኣትሌታት ግና ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ዓብይ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ እቶም ኣትሌታት ተወሊዶም ዝዓበይሉ ኸባቢ ንክፍለጥ፣ መባፅሒ ቱሪስት ንክኾን እቲ ህዝቢ ማሕበራውን ኢኮኖምውን ረብሓ ንክረክብ ምግባር ከምዝግባእ እተን ሚኒስትር ኣገንዚበን፡፡


## ጥበብ ኣክሱም ኣብ ዘመነ ንጉስ ኢዛና

መኣዲ ጥበብ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣብ ስልጣነ ኣክሱም ብዙሓት ነገስታት ብዙሕ ናይ በዓሎም ስልጣነን ታሪኽን ሰሪሖም ሓሊፎም ‘ዮም። ታሪኽ ኣክሱም ኣዝዩ ብዙሕ ‘ዩ፤ ተዛሪብካን ዘርዚርካን ዝውዳእ ኣይኮነን። እቲ ታሪኽን ካብ ቕድሚ ልደተ ክርስቶስ ከምዝጅምር ‘ዩ ሙሁራት ዝሕብሩ። ስነ ኳዕቲ ወይ ኣርኪዖሎጂ መፅናዕቲ ‘ውን ነዚ ‘ዩ ዘማላኽት። ኣብቲ እዋን ብፍላይ ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ብሰፊሑ ከም ህንፃታት ቤተ መንግስቲ፣ ሰናቲም፣ ሓወልቲ ወዘተ ነይሮም ‘ዮም። እቲ ስነ ጥበብ ኣዝዩ ብዙሕ እኳ እንተኾነ ሕዚ ግን ኣብዝተወሰኑ ታሪኻዊን ጥንታዊን መግለፂ ስልጣነ ኣክሱም ንምርኣይ ከንፍትን። ንስሱ ‘ውን ኣብ ከም ጥበብ ሓወልትን ኣብቲ እዋን ዝነበሩ ሰናቲምን ብሓፂሩ ንምርኣይ ‘ዩ።

እቶም ሓወልትታት ኣብ ከባቢ ቤተ ክርስትያን ኣክሱም ፅዮን ዝርከቡ እንትኾኑ ኣብ ከባቢ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ከምተሰርሑ ይንገር። እዚኣቶም ምናልባት እቶም ዝያዳ መለለዪ ክፋል ናይ ኣኽሱማዊ ስነ ህንፃዊ ለጋሲን ስልጣነን ክኾኑ ይኽእሉ ‘ዮም። እዞም ሓወልቲታት ንመቓብራት ንምምልካትን ንሓደ ብዙሕ ደብርታት ዘለዎ መስተንክር ቤተ መንግስቲ ንምውካልን ተገይሮም ከምተሰርሑ ‘ዩ ዝንገር። እቲ ታሪኽ ኣዝዩ ጥንታዊ ምስምዃኑ ተተሓሒዙ ጭቡጥ ዝኾነ ሓበሬታ ንምርካብ የፀገም ‘ዩ። ገሊኡ ብኣፈታሪኽ ‘ዩ ዝዝረብ። ገሊኡ ድማ ብሳይንስ ዝተፀንዐ ‘ዩ።



ሓወልቲ ኣክሱም

እቶም ዲዛይናት ወይ ቅርፅታት ብናይ እቲ እዋን ዝነበሩ ምልክት ማዕፆን መስኮትን ገዛን ዘማላኽቱ ከምዝኾኑ ‘ዮም ሙሁራት እቲ ኣውዲ ዝዛረቡ። ካብዞም ዘለዉ ሓወልቲታት ጥባብ እቲ ዝዓበየ 33 ሜትሮ ቁመት ዘለዎ ኮይኑ ሕዚ ወዲቑ ተሰይሩ ይርከብ። እቶም ሓወልቲታት ዝበዝሕ ኣካሎም ካብ መሬት ንለዓሊ ኮይኑም ዝተወሰነ ክፋሎም ድማ ንኸይወድቅ ወይ ሚዛን ንምሕላው ዝተወሰነ ኣካል እግሮም ኣብ መሬት ተቐቢሩ ይርከብ። እዚ ድማ ሚዛኖም ንምሕላው ይጠቕሞም። እቶም ሓወልቲታት መብዛሕትኡ ግዜ ንኽብሪ መግለፂ ንጉሳውያን ተባሂሉ ይትከል ከምዝነበረ ‘ዩ ዝግለፅ። ከምኡ ‘ውን ኣብትሕቲኡ መቓብር ንጉሳውያን ወይ ቤተሰብ ንጉሳውያን ከምዘለዎ ‘ውን ሙሁራን ይዛረቡ። ብሓፂሩ ኣብ ጥቕኡ መቓብር ከምዘሎ ዝግለፅ ኮይኑ ነዚ ንምምልኻት ተገይሩ ይትከል ከምዝነበረ ‘ዩ ዝዝረብ።

እቶም ጠጠው ዝበሉ ሓወልቲ ካብ ግራናይት ዝበሃል ጠንካራ እምኒ ዝተፀረቡ ኮይኖም ብቐሊሉ ዘይሰባበሩ ፍሉይ ዓይነት ግራናይት ኣእማን ‘ዮም። እዞም ታሪኻዊ ሓወልትታት ረቂቕ ትርጉም ዘለዎም ኮይኖም ኣዝዮም ብዘደንቕ ጥበብ ዝተሰርሑ ‘ዮም። እዞም ሓወልትታት ኣብ ታሪኽ ኣኽሱም ወሰንቲ ኣካላት ብፍላይ ድማ ንነገስታት ወይ ካህናትን ንምኽባር ዝውዕሉ ከምዝነበሩ ይዝረብ።



ጥንታዊያን ሳናቲም ኣክሱም

ካሊእ ኣብቲ እዋን ብፍላይ ኣብዘመነ ኢዛና ሳይዘና ዝነበሩ ጥበብ ሳናቲም ምርኣይ ይከኣል ‘ዩ። ሓደ ሓደ ኣብዘመነ ንግስነት ኢዛና ዝተቐርፀ ሳንቲም ብቛንቛ ግሪኽ TOYTO ዝብል ጭርሖ ዘለዎ ፅሑፍ ዝሓዘን፤ ምልክት ወርሒ፤ ምልክት መስቀል ዘለዎም ዝተፈላላዩ ሳናቲም ኣለዉ። እቶም ምልክት ወርሒ ዘለዎም ሳናቲም ንጉስ ኢዛና ቕድሚ ሃይማኖት ክርስትና ምቕባሎም ዘማላኽት ኮይኑ ትርጉሞም ድማ እቲ ዝነበረ ህዝቢ ወይ እቲ ንጉስ ኣብ ከም ወርሒ ይኣምኑ ወይ ይኣምን ምንባሮም/ሩ ዘማላኽት ‘ዩ፤ እቲ ምልክት መስቀል ድማ ናይ ክርስትና መግለፂ ስለ ዝኾነ ሃይማኖት ክርስትና ተኣታትዩ ምንበሩ ዝገልፅ ‘ዩ። እቲ ንጉስ ‘ውን ናብ እምነት ክርስትና ምቕያሩ ዘማላኽት ‘ዩ። እቲ ጭርሖ ዝሓዘ ሳንቲም ድማ ኣብ ልዕሊ ድሌታትን ዕግበትን ህዝቢ ንጉሳዊ ሓልዮትን ሓላፍነትን ዝፈጥር ከምዝኾነ ምሁራን ርኢቶኦም ይህቡ።

ሓደ ዘደንቕ ጥበብ መለለዪ ናይቶም ሳንቲም ካብ ምልክት ዲስክን ወርሕን ዘለዎ ምልክት ናብ መስቀል ዘለዎ ዲዛይን ምቕያር ‘ዩ። እዚ ዘሪኣካ ድማ ኣብቲ እዋን እምነት ክርስትና ምትእትታዉ ዘማላኽት ‘ዩ። ኣብ ንጉስ ኢዛና ብፍላይ ብዙሓት ሓወልቲ ከምዝተተኽሉ ዝንገር ኮይኑ እቶም ብግሪክ ዝተፃሓፉ ብዛዕባ ንግስነት ኢዛና ዝገልፁ ‘ዮም። ኣብ መወዳእታ ኣብ ህንዲ ብምልክዕ ልውውጥ ንግዲ ከይዶም ዝነበሩ ብርክት ዝበሉ ሳንቲማት ተረኺቦም ‘ዮም። እዚ ድማ ምስ ህንዲ ኣብቲ እዋን ንግዳዊ ርክባት ከምዝነበረ ዘመልክት ‘ዩ።